# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.263 | ቀዳም 4 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 5
ተማቲኤ፡ ብሽመይ ክላለዩ

ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 10
እወታዊ ኣድልዎ


ገጽ 11
ኣግለስማን፡ መዘነቱ ሓዲት


## ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ 44 ተመሃሮ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ

ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ብዓውድታት ጽገና ኮምፕዩተር፡ ምዝርጋሕ መርበባትን ጽርበት ሓጺንን ንክልተ ዓመት ዘሰልጠኖቶም 18 ደቂተባዕትዮ ዝርከብኦም 44 ተመሃሮ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ።

ትማሊ 2 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ራጉኤል ተኸለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መንግስቲ ኣብ ሞያውን ተክኒካውን ትምህርቲ ብዘገብሮ ዘሎ ገዚፍ ወፍሪ፡ ብቑዕ ፍልጠት፡ ክእለትን ጥበብን ዝዓጠቑ መንእሰያት ይፈርዩ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ እናዓበየ ይመጽእ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ነዛ ቤት-ትምህርቲ ንምስፋሕ ተብጊሱ ዘሎ መደባት ተዛዚሙ፡ ጠለባትን ድሌታትን ሞያውን ተክኒካውን ትምህርቲ ንምምላእ ብትግሃት ክሰራሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና



ዳይረክተር ክፍሊ ተክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ስዩም ብወገኑ፡ ናይ ሞያ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘመናዊ ናውቲ ምህሮ ንኽዕጥቃ ክሰራሕ ምጽንሑ ብምግላጽ፡ ድሮ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ ተቛዲሲት ናይዚ ዕድላት ኰይና ከምዝሃላ ኣብሪሁ።

ወኪል ተመረቕቲ ኣብ ዘስመዖቶ ቃል፡ ንውፉይ ጻዕሪ መምህራንን ኣለይትን ድሕሪ ምምስጋን፡ ብዘተማህርዎ ሞያ ብትግሃት ንህዝቦምን ሃገሮምን ከገልግሉ ምጃናም ቃል ኣትዮ።

ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ኣብ ትምስረት ልዕሊ 500 ተመሃሮ ከምዘመረቐት ሰነዳት የረድአ።



ስእሊ ዙቤር ሰዒድ

## ገልዓሎ - ልግሲ ደም ከም ባህሊ ንምስራጽ ጎስጓስ ተኻይዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ - ምምሕዳር ከባቢ ባዕ፡ ንቅሓትን ግዝበን ሕብረተሰብ ኣብ ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምብራኽ ዝዓለመ ጎስጓስ ተኻይዱ።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ገልዓሎ ነርስ ጀማል ኑር፡ ንረብሓታትን ኣገዳስነትን ልግሲ ደም ኣብ ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ዓይነታት ደም፡ ኣወሃህባ ደምን ካልእን ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ልግሲ ደም፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንለገስቲ ዝህቦ ሕልናዊ ዕግበት፡ ኣብ ጥዕናዊ መዳይ'ውን ቀሊል ዘይኮነ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ዝሓበረ ሓላፊ ትካላት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ማሕሙድ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ኣብ ግዝበ ሕብረተሰብ ርኡይ ለውጢ መጺኡ ከምዘሎ ኣነጺሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ኣቶ ሓጎስ ገብረማርያም ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ዕማም ንሓደ ኣካል ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ መደባት ልግሲ ደም ንምዕዋት ኩለን ኣካላት እጃመን ክበርክታ ተላቢዩ።

## ከረን - መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክከታተላ ዝጸንሓ ኣደታት ትምህርተን ዛዚመን

ኣብ ከተማ ከረን፡ ብመደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ክከታተላ ዝጸንሓ ልዕሊ 100 ኣደታት፡ ብ2 ሓምለ ትምህርተን ዛዚመን።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ 06 ወ/ሮ ጸሃይነሽ ተኸለ፡ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ንመበል 9ይ ዓመቱ ይካየድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ውጽኢቱ ዝምስገን ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣወሃሃዲ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር ኤፍሬም ነጸርኣብ ብወገኑ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ምምሕዳር ከባቢ ንዘገበሮ ኣስተዋጽኦ መጒሱ።

ሓላፊ ምክትታል ከባቢታት ንኡስ ዞባ ከረን ኣቶ በሺት ግብጣን፡ ነቲ ብምምሕዳር ከባቢ 06 ዝተወሰደ ተበግሶ፡ እተን ካልኦት ምምሕዳራት ከባቢ ክስዕብኦ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ልዑል ነጥቢ ንዘመዝገባ ኣደታት መተባብዒ ሽልማት ተዓዲሉ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን 300 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ብሞያ ዝሰልጠኑ 511 መንእሰያት፡ ብ2 ሓምለ 2026 ተመረቕም።

እቲ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ቀዳማይ ረድኤት፡ ትልሂት፡ ስእሊ፡ ጽባቐ ጸጉሪ፡ ምምልኻዕ፡ ቋንቋ ምልክት፡ ካራተን ሕመረትን ዘጠቓልለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ውዳበታት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ በሽር መሓመድ



ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንቕሓትን ዓቕሚታትን መንእሰያት ምብራኽ ኣካል ዕላማታት መደባት ማሕበር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓላፊት ክፍሊ ፕሮጀክትታት ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ሻምላ ገብረኪዳን ብወገኣ፡ መንእሰያት ብርትዓዊ ክፍሊት ዝተፈላለየ ዓውድታት ሞያ ክቐስሙ ይገብር ከምዘሎ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ባይታ ክሰርሕሉ ተማሕጺና።

ዜና

# ኣቑርደት - ስድራ ስዉኣት ናይ ምሕጋዝ መደባት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ስድራ ስውኣት ናይ ምሕጋዝን ምሕብሓብን መደባት ብዝለዓለ ኣወዳድባ ይቕጽል ኣሎ።

በዚ. መሰረት፡ ኣብ ውሽጢ. ከተማ ኣቑርደት ዝርከብ ምምሕዳራት ከባቢ. 88 ሽሕ ናቕፋ፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ልዕሊ. 113 ሽሕ ናቕፋ፣ ምምሕዳር ከባቢ. ኢንገርነ 7 ሽሕ ናቕፋ፡ ግዱሳት መንእሰያት 15 ሽሕ ናቕፋ - ብጠቕላላ ልዕሊ. 223 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስውኣት ከምእተመቓረሐ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሓጎስ ተኽለ ሓቢሩ።



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ንስድራ ስውኣት ዝግበር ደገፍ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ኣካል ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ተራ ሕብረተሰብ፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ክዓዝዝ ኣተሓሳሰበ።

## ስርዓተ-ትምህርቲ ሃገርና ንምምሕያሽ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ከምዝድሊ ተሓቢሩ

ኣገልግሎት ትምህርቲ ሃገርና ብቑዕን ውጽኢታውን ንኽኸውን፡ ተመሃሮ ተጨባጢ. ክእለትን ፍልጠትን ንኽጥርዩ ዘሕግዝ ስርዓተ-ትምህርቲ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ከምዝድሊ፡ ካብ ክፍሊ. ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣቶ ኣብርሃም ርእሶም ገለጹ።

ምርግጋጽ ብሉጽ፡ ተዛማድን ተወዳዳርን ስርዓተ-ትምህርቲ፣ ምዝርጋሕን ምክትታልን መምሃሪ መጽሓፍትን መምርሒ. መምህራንን፣ ገምጋምን ክለሳን ስነ-ምምህርናዊ ኣገባብትን ስርዓተ-ምዝናን፣ ምውዳብ ስልጠናታት፣ ክትትል ርትዓውነት ሃገራዊ መርመራ፣ ምድላው መምዘኒታትን ሕጋጋትን፣ ዳህሳሳዊ መጽናዕትታት፣ ከምኡ'ውን ምምሕያሽ ዓይነትን ውጽኢትን ትምህርቲ ካብ ቀንዲ. ዕማማት ክፍሊ. ሓፈሻዊ ትምህርቲ ምዃናም ዝጠቐሰ ኣቶ ኣብርሃም፡ እዞም መሰረታውያን ተልእኾታት፡ "ሓቒፈ፡ ምዕሩይን ዓይነታውን ዕድላት ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ምርግጋጽ" ዝብል ራእዩ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንምስማር ወሳኒ. ተራ ከምዘለዎም ኣረዲኡ።

ንጥፈታት ናይ'ቲ ክፍሊ. ኣብ ሰለስተ መድረኻት ከፋፊልካ ክርአ ከምዝከኣል ዘረድአ ኣቶ ኣብርሃም፡ ካብ 1991 ክሳብ 2001 ኣብ ዝዘርጋሕ መድረኽ ተሃዲሶን መጽናዕትታትን፡ መንግስቲ ኤርትራ መማእኸላዊ ኣገባብ ትምህርቲ ብሃገራዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ከምዝተኣእ ከምዝበረ፣ ብዝ. ንምዕዋት ደማ ኣገደስቲ ንጥፈታትን መጽናዕትታትን ከምእተኻየደ ኣብሪሁ።

ካብ 2002 ክሳብ 2010 ኣብ ዝዘርጋሕ ካልኣይ መድረኽ፡ ኣምራዊ ወረቐት ተዳልዩ ክለሳ ስርዓተ-ትምህርቲ ከምእተሰላሰለ፣ ካብ ኣብ ትሕዝቶ ኣብ ውጽኢት ዘተኩረ ስርዓተ-ትምህርቲ ተዳልዩ ከምእተሰርሓሉ፣ ኣገባብ ኣመሃህራ ካብ መምህር ዘማእከለ ናብ ተመሃራይ ዘማእከለን ኣሳታፍን ከምእተቐየረ፣ ውጽኢታውነት ትምህርቲ ብዝበለጸ ዝመዝን ቀጻሊ. ስርዓተ-ኣገማግማ ክሰራሓሉ ከምዝጀመረ፣ ብተወሳኺ. ሓደስቲ ዓይነታት ትምህርቲ ከምእተኣታተወ ኣገንዚቡ።

ካብ 2011 ክሳብ 2026 ኣብ ዘሎ ሳልሳይ መድረኽ ድማ፡ ብበጽዋ ገምጋማትን መጽናዕትታትን ከምእተኻየደ፡ ድሒሩ'ውን ንስርዓተ-ትምህርቲ ዝጠምር ጽላታዊ መጽናዕቲ ከምእተሳለጠ ገለጸ።

ክፍሊ. ሓፈሻዊ ትምህርቲ ብዝተፈላለየ ገምጋማት፡ ዋሕዲ ክኢላታትን መምህራን ቋንቋ-ኣደን ዝሰልጠኑ መምህራንን፣ ሕጽረት ናይ ትምህርቲ ግዜ፣ ዋሕዲ መጽሓፍትን መሳርሒታትን፣ ከምኡ'ውን ብኸኑ ንብቕዓት ትምህርቲ ካብ ዝጸልዉ ዘለዉ ብድሆታት ምዃኖም፡ ኣቶ ኣብርሃም ኣጺሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ስልጠና መምህራን፡ ምውዳድ ኣድላዪ ትሕተ-ቕርጺ፡ ዕደጊ. ናውቲ፡ ምውሓስ ተሳታፍነትን ቀጻልነትን ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፡ ምስፋሕን ምድልዳልን ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርትን ፍሉይ ትምህርትን፡ ብቕዓት ዝደኸሙ ተመሃሮ ምምሕያሽ፡ ምምዕባል ኣብ ኣገልግሎት ዝጽንሐ መጽሓፍትን ምርግጋጽ ቀጻልነት ትምህርትን ኣካል ናይ'ቲ ምዕሩይን ዓይነታውን ትምህርቲ ናብ ኩሉ ንምብጻሕ ዝተሓንጸጸ መደባት ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

## ዓሰብ - ንወነንትን ሰራሕተኛታትን ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ክፍሊ. ቱሪዝም ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕናን ምምሕዳር ከተማ ዓሰብን ብምውህሃድ፡ ንወነንትን ሰራሕተኛታትን ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት፡ ኣብ ትግባረ ኣዋጅ ቱሪዝም፡ ኣገዳስነት ጽሩይ ሓበሬታ፡ ከምኡ'ውን ውሕስነት መግቢ. ዘተኩረ ኣስተምህሮ ብ1 ሓምለ ወሂቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዶ/ር ዓሊ. ሓሎ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ጥዕና ልዕሊ. ኹሉ ስለዝኾነ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ኩነታት ዘቐርብዎ መግቢን ጽሬት ትካልን ናውትን ጥንቃቐ ክገብሩ፡ ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት ወረቐት ምስክር ጥዕና ክህልዎም ኣተሓሳሰበ።



ሓላፊ ኣሃዱ ኮበሊያዊ ጥዕና መንእሰይ ዳንኤል ገብረሂወት ብወገኑ፡ ውሕስነት መግቢ. ንምርግጋጽ፡ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ውሑስን ጽፉፍን ቀረብ ክገብሩ ተላቢዩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ቱሪዝም ኣቶ ዒሰ ኣሕመድን ወኪል ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃ ኪዳነን ብወገኖም፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንዕግበት ዓማዊል ኣብ ዘኻይድዎ ንጥፈታት፡ ምስ ሞያውያን ጥዕና ጥቡቕ ርክብ ክህልዎምን ንዘወጽእዎ መምርሒታት ብዓቢኡ ከተግብሩን ተላብዮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ. ኣስተምህሮታትን ንቕሓትን ብቐጻሊ. ክውደብ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ጽፉፍ ኣገልግሎት ዝሃገልአ ኣብኪታውያን ትካላት ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

## ማይምነ - ብሞያ ክስልጥኑ ዝጸንሑ መንእሰያት ተመሪቖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይምነ፡ ብዓውድታት ቀዳማይ ረዲኤትን ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ክስልጥኑ ዝጸንሑ 83 መንእሰያትን ተመሃሮን ተመሪቖም።

እቲ ኳ-ኳ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ክብ ንምባል ብበጽዋ ዝውደብ ስልጠናታት ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ የማነ መድሃኔ፡ ተመረቕቲ - 50 ብቐዳማይ ረድኤት ኣብ ማይምነ፣ 33 ድማ ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ኣብ ዓዲ-ናላ ከምዝሰልጠኑ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ማይምነ ሌተናል ኮሎኔል ኣብርሃም ሃይለ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ኣገዳስነት ሞያዊ ስልጠናታት ብምብራህ፡ መንእሰያት ኳ-ኳ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ሞያ ንኽዮጥቁ ምድግጋፍ ወለዲ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284


### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ. ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢ.ንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊ.ዝ) |

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መጓዕዝተ ደቂ ሰብ

5ይ ክፋል

### ንዓለም ቅርጺ ካብ ዘትሓዙ ምህዞታት

ናይ ደቂ ሰብ ምህዞን ተክኖሎጅያዊ ፍርያትን ንስልጣኔ ቅርጺ ከትሕዙ፡ ህይወት ኣብ ዓለም ናብ ካልእ መልክዕ ከሰጋግሩ ዝኽኣሉ እዮም። ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ናይ ምምሃዝ ዓቕሙ ንምዕባይ መሃዝቲ ንምስሳን ብዙሕ ርሕቀት ተጓዒዙ'ዩ። ካብ ምህዞ ዕንክሊል ክሳብ ናብ ጠፈር ዘብጽሕ መንኰርኮር ድማ ክፈርዩ ክኢሎም። እዞም ምህዞታት ድማ ንህይወትና ብዝተፈላለየ መልክዓት እናጸለው ናብዚ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ክንሰጋገር ኣኽኢሎም።

እቶም ኣዝዮም ጸለውቲ ምህዞታት ዳርጋ ሓደ ሰብ ኣይኮነን ምሂዝዎም። ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ኵርናዕ ብምዃን ኢዶም ሓዊሶም። ወይ'ውን ናብ ሓደ ወሳኒ ምህዞ ክሰጋገር ኣበርክቶ ዝተፈላለዩ ወገናት ክሓልፎ ክኢሉ'ዩ። ንኣብነት ጎማ መኪና ንውሰድ። ከም ምህዞ ኣገዳሲ ነገር'ዩ። ምህዞ መኪና ክውሰኾ ከሎ ድማ ኣገዳስነቱ ዝያዳ ይጉልሕ። ስለዚ ሓደ ምህዞ ክደምቕ ግድን ኣበርክቶ ካልእ መሃዚ ክህልዎ ኣለዎ። በዚ'ዩ ከኣ ናይ ዓለምና ምህዞ ድምር ናይ ኵሎም መሃዝቲ ክኸውን ዝኽኣል። ኣብዚ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና እምበኣር እቶም ኣብ ታሪኽ ዓለምና ኣዝዮም ቀየርቲ ዝኾኑ ምህዞታት ክንድህስስ ኢና፤

1. **ምህዞ ዕንክሊል**



ምህዞ ዕንክሊል እምነ-ኵርናዕ ምህንድስናዊ ፍርያት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና'ውን ዓቢ ጽልዋ ክፈጥር ዝኸኣለ ምህዞ'ዩ። በዚ ከኣ እቲ ዝሃበበ ምህዞ ክብሃል ይከኣል። ምህዞ ዕንክሊል ኣብ መጓዓዝያ ብዝፈጠሮ መሰረታዊ ዕዮ ጥራይ ኣይኮነን ዝምስገን። ንኻልኦት ብርክት ዝበሉ ተክኖሎጅያዊ ፍርያት መሰረት ክኸውን ብምብቃዑ'ውን ጉሉሕ ምህዞ ክኸውን ክኢሉ። እቲ ዝገደመ ምህዞ ዕንክሊል፡ እቲ ብ3500 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ መሶፖታምያ ዝፈረየ'ዩ። ብድሕሪ'ዚ ዝተፈላለየ ነገራት እናተወሰኾ ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ክበጽሕ ክኢሉ። ምህዞ ዕንክሊል ሓደ ሰብ ከውሒ ከንክራርው እንከሎ ምስ ተዓዘበ'ዩ እቲ ሓሳብ ነቒሉ ይብሃል። እንተኾነ ብዘይ ዛብያ ትርጉም ክህልዎ ከም ዘይክእል ምስ ተረደአ፡ ዕንክሊልን ዛብያን ብምውህሃድ ምቹእ ምንቅስቓስ ክፈጥር ክኢሉ። እዚ ምህዞ ድማ ነዚ ሕጂ እንዕዘቦ ዘለና ፍርያት ኣፍደገ ክኸፍት ክኢሉ።

2. **ብሶላ (ኮምፓስ)**



ኣብ ታሪኽ ዓለም ሰውራዊ ለውጢ ክፈጥር ዝኸኣል ምህዞ እናተባህለ ካብ ዝገለጽ ምህዞ፡ ምህዞ ኮምፓስ'ዩ። ኮምፓስ ፈለማ ክምሃዝ ከሎ፡ ኣብ ዕዮ ዕጫ ምንጋርን ምልክት መሬት ምስ መለኮት ብምትእስሳር ንምሕባርን ተባሂሉ'ዩ ተኣታትዩ። ድሒሩ ግን ኣብ ናይ ምንስፋፍ መዓላ ክውዕል ጀሚሩ። እዚ ሎሚ እንጥቀመሉ ዘለና ኮምፓስ ኣብ ከባቢ 200 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብቻይናውያን ተኣታትዩ። ነፍሲ ወከፍ ዝተቐልቀለ ስልጣኔ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ጥበብ እናወሰኸሉ ድማ ኣብዚ ደረጃ ክበጽሕ ክኢሉ። ኤውሮጳውያን ተጓዕዝቲ ኣብ ጥቕሚ ምስ ኣውዓልዎ ከኣ ተዘርጋሕነቱ ዓብዩ። ታሪኽ ዓለም ኣብ ምልውጥን ምምእዛንን ከኣ ልዑል ግደ ተጻዊቱ።

3. **ማኪና**

ዘመናዊት ዓለም ብዘይ ምህዞ ማኪና ክትሰርር ከቶ ኣይምኸኣለትን። ገለ ሰባት ንምህዞ ዘመናዊት ማኪና፡ ነቲ ብ1886 ናይ በንዚን ልቸንሳ ክሕዝ ዝኸኣለ ጀርመናዊ መሃዚ ካርል በንዚን ክህብዎ ይረኣዩ እዮም። ይኹን እምበር ካብ 1769 ኣትሒዙ ብኒኮላስ ጆሴፍ ዝማዕበለ ምህዞ ናይ ብሃፋ ዝሰርሕ ማኪና ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ'ዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ኣብ ምህዞ ማኪናን ክፋላቱን ብዙሓት ሰባት ኢዶም ሓዊሶም'ዮም። ኣብ መጀመርያ 20 ክፍለ-ዘመን'ውን ሀንርይ ፎርድ ማኪና ብዝሓሰር ኣብ ኢድ ኵሉ ሰብ ከባጽሕ ነቒሉ። ንሓሳቡን ጥበቡን ድማ ጀነራል ሞተርስን ክሪስለርን ተኸቲሎሞ። ታሪኽ ምህዞ ማኪና ዓለማዊ ፍልቀትዩ ኣኸቲሉ። ብርክት ዝበሉ፡ ውሽጣዊ ኢንጅን ንምምሕያሽ ኣበርቲዖም ጽዒሮም። ሳላ ከምኡ ዝገበሩ ድማ ሎሚ ታሪኽ ዓለምናን ህይወትናን ብማኪና ክቕለስ ንምልከቶ ኣለና።

4. **ኮንኩሪት**

ዓለምና ካብ ዝርኣየቶም ምህዞተታ፡ ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ ተባሂሉ ዝግለጽ ምህዞ ኮንኩሪት'ዩ። ሎሚ ኮንኩሪት ኣብ መስርሕ ህንጻ እቲ ብዝሰፍሐ ክውዕል እንርእዮ ዘለና'ዩ። ኮንኩሪት ብውህደት ስብርባር እምኒ ወይ ኮርት፡ ሑጻ፡ ስሚንቶን ማይን እዩ ዝፍጠር። ዝደለናዮ መልክዕን ቅርጽን ድማ ክነትሕዞ ንኽእል። ድልዳለኡ'ውን ሎሚ ዝፈርይ ዘሎ ህንጻታት እኹል ምስክር'ዩ። ብ1300 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እቲ ኣብ ናይ ኮንኩሪት ወሳኒ ተራ ዝጻወት ስሚንቶ ክድህሰስ ክኢሉ። ቀስ ብቐስ ዝተፈላለየ ርኽበታት እናተወሰኾ ድማ ኣብ መወዳእታ ናይ 19 ክፍለ-ዘመን ንምህዞ ኮንኩሪት ኣፍደገ ክኸፍት ክኢሉ። ምምጻእ ናይ ኮንኩሪት፡ ታሪኽ ዓለምና ካልእ መልክዕ ንኽፈጥር ወሳኒ ግደ ክጻወት ክኢሉ።


5. **ምህዞ ሓዊ**

ሎሚ ሓዊ ኣብ ዕለታዊ መዓላና ብቐሊሉ ከነውዕሎ ብምኽኣልና ኣገዳስነቱ ክነስተብህለሉ ኣይንኽእልን ኢና። እንተኾነ ታሪኽ ዓለም ኣብ ምልዋጥ ፍልቀት ደቂ ሰብ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ ንምስግጋር፡ እቲ ልዑል ግደ ዝተጻወት ምህዞ፡ ምህዞ ሓዊ'ዩ። ሓዊ ኣብ ታሪኽ ወድሰብ ልዑል ምዕራፍ'ዩ ዝሕዝ። ንፍልቀት ናይዞም ሎሚ ኣብ ዓለም እንነብር ዘለና ሆሞ ሳፐያን ድርኺት ክፈጥር ዝኸኣለ'ዩ። 1.9 ሚልዮን ቅድሚ ፍልቀት ሆሞ ሳፐያን ብሓዊ ምግቢ ምብሳል ከም ዝተጀመረ ይንገር። ምህዞ ሓዊ ኣብ ዕብየት ሓንጉል ደቂ ሰብ ልዑል ግደ ከም ዝተጻወተ'ውን ይሕበር'ዩ። ደቂ ሰብ ብሓዊ ኣብሲሎም ዝተፈላለየ ምግቢ ክበልዑ ብምኽኣሎም ኣብ ብልሒ ደቂ ሰባት ልዑል ለውጢ ክረአ ኣኽኢሉ። ንእምኒ ብሓዊ ኣርሲኖም ዝተፈላለየ ምህዞ ክፈጥሩ ብምኽኣሎም'ውን ሓዊ ንዕቤት ሰብ ወሳኒ ግደ ዝተጻወተ ምህዞ ክኸውን ዘብቅዖ'ዩ።

6. **ኣምፑል**

እዚ ሎሚ ኣብ ቤትናን ኣብያተ ጽሕፈትናን እንጥቀመሉ ዘለና ዕዮ ቅድሚ 150 ዓመት ነቒሉ። ናይ ኤለክትሪክ ብርሃን ዝብል ሓሳብ ኣብ መጀመርያ 19 ክፍለ-ዘመን ብሃምፈ ዳቭይ ተበጊሱ። ንሱ ገመድ ኤለትሪክ ምስ ባትርን ንእሽተይ ካርቦንን ምስ ኣላገቦ፡ ብርሃን ክፈጥር ክኢሉ። ድሕሪ ሸውዓተ ዕቑዳት ከኣ ኣምፑል መብራህቲ ክፍጠር ተኻኢሉ። ግን ንንግዳዊ መዓላ ክውዕል ኣይከኣለን። ኣብ 1850'ውን እንግሊዛዊ መሃዚ ጆሰፍ ዊልሰን ስዋን ኣምፑል ክፈጥር ክኢሉ ነይሩ። ግን ሓጺር ዕምሪ ጥራይ'ዩ ነይርዎ። ብድሕሪ'ዚ ቶማስ ኤድሰን ንምህዞ ጆሰፍ ዊልሰን ስዋን ብምምሕያሽ ብ1878ን ብ1879 ናይ ኣምፑል ልቸንሳ ክሕዝ ክኢሉ። ምህዞ ኣምፑል ቀስ ብቐስ ድማ ናብዚ ሎሚ ዘለዎ ደረጃ ክበጽሕ ክኢሉ።

7. **ጸረ ነፍሳት**



ህይወት ማእለያ ዘይብሎም ሰባት ክሰርር ዝኸኣለ ሳላ ምህዞ ጸረ ነፍሳት እዩ። ጸረ ነፍሳት ዕምሪ ጕዳእቲ ባክተርያታት ብምሕጻር፡ ህይወት ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ክሰርር ዘኽኣለ'ዩ። ልዊስ ፓስቾርን ሮበርት ኮችን ብ1877 ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ብዛዕባ መድሃኒት ጸረ ነፍሳት ፈለማ ክገልጹ ዝኸኣሉ'ዮም። ብ1928 ድማ ኣለክሳንደር ፍለሚንግ ካብ ጅር ናይ ሰበባ ንፐንስሊን ክለልዮ ክኢሉ። ኣብ 20 ክፍለ-ዘመን ድማ ምህዞ ጸረ ነፍሳት ብፍጥነት ክጕላዕልዕን ኣብ ጥዕና ደቂ ሰብ ልዑል ግደ ክጻወትን ክኢሉ።

8. **ኤክስረይ**

ኤክስረይ ተፈጥሮኣዊ ክስተት ብምዃኑ ከም ምህዞ ብዙሕ ዘቕልበሉ የለን። እንተኾነ ምምዕባል ማሽን ኤክስረይ ኣብ ታሪኽ ሕክምና ዓለም ልዑል ግደ'ዩ ተጻዊቱ። ብዙሓት ወገናት'ውን ሕክምና ዓለም ብዘይ ምህዞ ናይ ማሽን ኤክስረይ ኣብዚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ ኣይምኸኣለን ኢሎም ይምጉቱ።

9. **ተለቪዥን**

መኣዝን ህይወትና ዝቕይር ካብ ዘሎ ምህዞ ሓደ ተለቪዥን ብምዃኑ ኣገዳስነቱ ብፍጹም ክንስሕቶ ኣይንኽእልን ኢና። ተለቪዥን ኢድ ብዙሓት መሃዝቲ ዝዓለባ ብምዃና፡ ናይ ክስቶ ምህዞ'ያ ኢልካ ክዝረብ ኣየተኽእልን'ያ። ኢድ ብዙሓት ሰባት እናሓለፋ ኣብ 19ን 20ን ክፍለ-ዘመን ከጕላዕልዕ ምኽኣላ ግን ኵሉ ዝሰማምዓሉ'ዩ። ተለቪዥን መን ምሂዝዋ ብዘየገድስ ሓንቲ ኣካል ዕለታዊ ህይወት ክትከውን ዝበቐዐት ምህዞ ክትከውን ክኢላ ዘላ'ያ።

10. **ኮምፕዩተር**

ናይዚ ዝሓለፈ ሚልዮኒም ዝለዓለት ምህዞ እንተ ተባህለት ምግናን ኣይኮነን። ኣብ መጀመርታ 19 ክፍለ ዘመን እቲ ከም ኣቦ ኮምፕዩተር ዝጽዋዕ ቻርለስ ባበጅ ናይ ፈለማ መካኒካዊት ኮምፕዩተር ክምህዝ ክኢሉ። ብዙሓት ክኢላታት ኢዶም እና'ንበሩላ ድማ ኣብዚ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ክትበጽሕ ክኢላ። ሎሚ ከም መርኣይ ዘመናዊት ዓለም እትውሰድ ምህዞ ከኣ ኮምፕዩተር'ያ።

11. **ኢንተርነት**

ነዛ እንነብረላ ዘለና ዘመናዊት ዓለም መኣዝን ዘትሕዛ ዘሎ ምህዞ ኢንተርነት'ዩ እንተ በልና ተጋጊኹም ዝብለና ዳርጋ ኣይርከብን'ዩ። ኢንተርነት ከም ኵሉ ምህዞታት ሓደ መሃዚ የብሉን። እንተኾነ ምስ ምምጻእ ምህዞ ኮምፕዩተር ኣብ 1950ታት ከም ዝተበገሰ ይግለጽ። እቲ ናይ መጀመርታ ዕዮ ኢንተርነት ኣብ 1960ታት ከም ዝነቐለ ብዙሓት ወገናት ይሰማምዕሉ። ብዙሕ ጥበብ እናተወሰኾ ናብዚ ሎሚ ንሕና ኣብ መዓላ ነውዕሎ ዘለና ደረጃ በጺሑ።

12. **ባጤራ**

ንመልክዕ ቍጠባ ዓለም ሓድሽ ገጽ ክፈጥረሉ ዝኽኣለ ምህዞ እንተ'ሎ ምህዞ ባጤራ'ዩ። ብጥሪትን ካልኦት ክቡራት ዕንቍን ዕድጊ ዘካይድ ዝነበረ ጥንዊ ንግዳዊ መስርሕ፡ ምምጻእ ባጤራ ሓድሽ መልክዕ ክሕዝ ኣኺኢልዎ። ባጤራ ብ118 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ቻይና ከም ዝተማህዘ ይግለጽ። ቀስ ብቐስ እናማዕበለ ኣብ ትውጊታት ወሳኒ ዓንዲ ክኸውን ክኢሉ። ንቍጠባ ዓለም ናብ ሓድሽ መልክዕ ብምቕያር ድማ ንታሪኽ ደቂ ሰብ ክጸሉ በቒዑ።

13. **ተለፎን**

ምህዞ ተለፎን ክቱር ናይ ሕድሕድ ናይ ምርኻብ ባህጊ ናይ ደቂ ሰብ ዘንቀሎ ምህዞ'ዩ። "ኣቶ ዋትሶን ደልየካ ስለ ዘለኹ ንዓ ናብዚ፡" እዘን ቃላት እተን ብ10 መጋቢት 1876 ብመሃዚ ተለፎን ኣሌክሳንደር ግርሃም በል ናብ ተሓጋጋዚኡ ዋትሰን ብተለፎን ዝተመሓላለፋ ናይ ፈለማ ቃላት'የን። ኣብታ እዋን ድማ'ዩ ንታሪኽ ርክብ ንሓዋሩ ክትቕይሮ ዝበቐዐ። ምህዞ ተለፎን ድምጺ፡ ጽሑፍ፡ ስእሊ እናተወሰኾ ታሪኽ ርክብናን ኣንፈት ዓለምን እናቐይረ ኣብዚ ሎሚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ በጺሑ ንዕዘብ ኣለና።

**ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)**

**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

"ዓለም ብቕልጡፍ ትልወጥ እያ ዘላ። እቲ ገዚፍ ንደቂቕ ዝስዕረሉ ዘይኮነ፡ እቲ ቅልጡፍ ነቲ ዝሑል ዝስዕረሉ ዘመን እዩ።"

- Rupert Murdoch

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# መልኣከ ቀለታ በዓል ድርብ ተመኩሮ ሓረስታይ

መሬት ብባህርያዊ ጸጋታት ዝተዓደለት'ያ። ኣብ ትሕትን ልዕልን ከርሲ መሬት ንህይወትን መነባብሮን ወዲ-ሰብ ዝጠቅም እተፈላለየ ትሕዝቶ ይርከብ። ከባቢኻ ምዕዛብን ብቐሊል ወፍሪ ዓቢ ረብሓ ምርካብን ድማ ኣገዳሲ ምርጫ እዩ። ተተካኢ ጸዓት ምጥቃም ሓደ ካብዞም ቅኑዓት ምርጫታት'ዩ። ባዮ-ጋዝ ከም ኣማራጺ ተተካኢ ጸዓት ዘሎዎ ኣበርክቶ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ጋዜጠኛ ፍናን ተኽለ ናብ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ተጓዒዙ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት ጽማቝ ትሕዝቶኡ እንሆ፦

ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ እዩ ዝብሃል። ኣብ ምርባሕ ከብቲ እናነጠፈ፡ ንተረፍ ምህርቲ ከብቲ ብሓፈሻ፡ ንቐልቀልን ሸንትትን ከብቲ ድማ ብፍላይ መስሪሑ፡ ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ዝቐየረ ኣብነታዊ ሓረስታይ እዩ። ንሱ፡ ኣባል ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ኾይኑ፡ ኣብ ከረን ይቕመጥ። ኣብዚ እዋን፡ መስራሕን ተጠቃምን ባዮ ጋዝ ኮይኑ፡ ንኻልኦት ኣብነት ኮይኑ ይርከብ። ኣቶ መልኣከ ብኸመይን ስለምንታይ ነቲ ጥበብ ከም ዝተኸተሎ ብኸምዚ የዘንቱ፦

"ፈለማ ናይ ደቓሉ ወይ ባርካ ከብቲ ገዚአ እነጥፍ ነይረ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ 2020 ናይ ጸባ ከብቲ ናብ ምፍራይ ሰጊረ። ሓንቲ ብቕዕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ድማ ገዚአ። ቀጺለ'ውን፡ ካልኣይቲ ወሲኸላ። ኣብ 2022 ድማ ሳልሰይቲ ናይ ጸባ ከብቲ ዓዲገ። በዚ ኸኣ፡ ሰለስተ ናይ ጸባ ከብቲ ብምውናን፡ ነቲ ስራሕ ከዕብዮ ወሲነ። ኣብ'ቲ ዝነብረሉ ከባቢ፡ ናይ ጸባ ጠለብ ስለ ዝረኸብኩ ኸኣ ናብዚ ሕጂ ዘለኹዎ ደረጃ ክበጽሕ ክኢለ" ይብል።

ቀጺሉ፡ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ብዝገበረሉ ደገፍን ሰማዊ ዝወለዱ ልቓሕን ተሓጊዙ፡ ካብ ምህርቲ ጸባ ብዝረኸቦ እቶት ተተባቢዑ፡ ንኸባቢኡ ቀረብ ጸባ ብምውሓስ ናብ'ዚ ዘሎዎ ደረጃ ተሰጋጊሩ።

"እዘን ናይ ጸባ ከብቲ ብጥንቃቐ'የን ዝተሓዛ። ኣቐዲምካ'ውን፡ ንኣተሓሕዛኣን ከምኡ'ውን ምክትታለንን ዝምልከት ትምህርቲ ክትረክብ የድሊ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ምእላየን ሓያል ብድሆ'ዩ ዝገጥመካ። ምኽንያቱ፡ ዘድልየን ዓቐን ማይን ዓቐን መግብን ስለ ዘይትፈልጦ። ምስ ግዜ ግን እናተመሃርካን ተመኩሮ እናጥረኻን ስለ እትኽይድ፡ ክትፈልጠን ትኽእል። ብተወሳኺ፡ ንኣመጋግባኣን፡ ጽሬተን፡ ምድቓልንን ካልእን ዝምልከት ስልጠና፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ስለ ዝረኸብኩ፡ ኣብ ምእላየን ሓጊዙኒ'ዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኸኣ፡ ኩሉ ፈሊጠዮ፡ ሓሙሽተ-ሽዱሽተ ዓይነት መግቢ ኣወሃሂዲ ክምግበን በቒዐ ኣለኹ" ምባል፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ክበጽሕ ዝኸፈሎ ጻዕሪ ቀሊል ከም ዘይነበረ ገሊጹ። ዓይነት ከብቲ ኣብ ምህርቲ ጸባ



ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ

ዝህልዎ ግደ፡ ፍሉጥ'ዩ። ምሩጽ ዓይነት ንምውናን ከኣ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ምኽታል የድሊ። ሓደ ካብዚ ዘመናዊ ምድቓል'ዩ። እዚ ኣብ ምድቓል ምሩጽ ዓሌት ጸባን ካልእን ተጸኒዑ ዝካየድ ኣገባብ፡ ንሓረስቶት ብኹሉ መዳይ እዩ ዘማዕብሎም። ተመኩሮኡ ብምጥቃስ ዓቢ ረብሓ ከም ዝረኸበሉን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ከብቱ ሰሲነን ከም ዝርከባ'ዩ ዝሕብር ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ።

"ብዘመናዊ ምድቓል፡ ምሩጽ ዘርኢ ጥሪት ኢኻ እትረክብ። ንኣብነት፡ ዓሚ ብዘመናዊ ምድቓል፡ ሓሙሽተ ኣንስትዮን ሓደ ተባዕታይ ረኺበ። ሎሚ ዓመት'ውን ሓንቲ ናይ ጸባ ከብቲ ላም ወሊዳትለይ ኣላ። ብሕጂ ዝውለዳ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሰራ ኣርባዕተ ከብቲ እውን ኣሎዋኒ። ስለዚ፡ ዘመናዊ ምድቓል ከብቲ፡ ኣብ ምስሳን ናይ ጸባ ከብቲ ውጽኢታዊ እዩ።"

እቲ ኣብ ደምበ ሕርሻ ዝፈስስ ቀልቀል ናብ እተፈላለየ መዓላ ክውዕል ይኽእል። ሓደ ካብኡ ባዮ ጋዝ ዝብሃል ተሃዳሲ ጸዓት'ዩ። ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ ድማ፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ ካብ መረዳእታ ናብ

ትግባረ ከም ዝሰገረ ብኸምዚ ዝስዕብ ይሕብር - "ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት፡ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኤርትራ፡ ብዛዕባ ባዮ-ጋዝ ምሂሮምና። ብድሕሪኡ፡ ነቲ ዝተመሃርኩዎ እንታይ ይግበሮ እናበልኩ፡ ብቐጻሊ እሓቶም ነይረ። እቲ ፕሮጀክት ምስ ተጀመረ ኸኣ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ መጀመርታ ናባይ ኣምጺኦም፡ ተኺሎምለይ። እዛ ናተይ ባዮ ጋዝ ዓባይ'ያ፣ ናይ ሸሞንተ ሜትሮ ቁመትን ክልተ ሜትሮ ጎድኒን ዘለዋ'ያ።"

ፕሮጀክት ባዮ ጋዝ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ናይ ጋዝ ዘሎዎ ምህርቲ፡ ተረፍ-መረፍ ቀልቀል እንስሳታት ተጠቒምካ ዝምስራሕ ተፈጥሮኣዊ ጸዓት'ዩ። እቲ ተረፍ ወይ ሓተላ ናይ'ቲ ቀልቀል ድማ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ሕርሻ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ስለዚ፡ ፕሮጀክት ባዮ ጋዝ፡ ውሁድን ጥሙርን ኣገባብ ሕርሻ ተጠቒምካ፡ ባህርያዊ ሕርሻ ምድንፋዕ ዝዓለመ እዩ። እዛ ኣብ ከተማ ከረን ተተኺላ ዘላ ባዮ ጋዝ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ኣበርክቶ ትገብር ኣላ። ሓደ ካብኡ ድኹዒ እዩ። ክሳዕ ሕጂ ኸኣ ከባቢ 26 ሽሕ ድኹዒ ሊትሮ ፈርዩ ከም ዝርከብ፡ ሓ/ቤ/ጽ ሕርሻ ኣብ ን/ዞባ ከረን ኢንጂነር ኣማኑኤል ኣንገሶም ይገልጽ። እቲ ድኹዒ፡ ብግቡእ'ዩ ናብ ሓረስቶት ዝኸይድ። ብመሰረት ሓበሬታ ኢንጂነር ኣማኑኤል፡ እቲ ድኹዒ፡ ብኽልተ መገዲ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ ቐዳማይ ሜላ፡ ነቲ ማይን ነቲ ድኹዕን ፈሊኻ ክትጥቀመሉ ትኽእል፣ እቲ ኻልኣይ ሜላ ድማ፡ ከም ዘሎዎ ኣብ ግራት ክትጥቀመሉ ትኽእል።

ባዮ ጋዝ፡ ካብቲ ኻልእ ፍልይ ዝብሎ፡ ተመስሪሑ ዝተወድአ ድኹዒ ምዃኑ'ዩ።



እቲ ድኹዒ ወይ እቲ ናቱ ፈሳሲ፡ መስርሑ ኣብ ቦታኡ ከሎ ስለ ዝውድእ ከኣ ንሕርሻ ዝበለጸን ተመራጽን'ዩ። ብዝቐለለ ኣገባብ'ውን ኣብ ግራትና ክንጥቀመሎም ንኽእል። እዚ ኣገባብ እዚ፡ ነቲ ዝባኽን ዝነበረ ጉልበት፡ ግዜን ገንዘብን ኣትሪፉ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብቐልል ዝበለ መንገዲ ብቐጥታ ናብ ትሕዝቶ ናይ ኣታኽልቲ ከም ዝኸይድ ዝገብር'ዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ጥዕና፡ ኣብ ምህርቲ፡ ኣብ ዕብየት ኣታኽልቲ፡ ቀጥታዊ ኣበርክቶ ኣሎዎ። ኣብ ምስሳን ምህርቲ ጸባን ናይ ጸባ ከብትን ብሓፈሻ፡ ኣብ ተጠቃምነት ባዮ ጋዝን ኣፍራይነትን ድማ ብፍላይ፡ እወታዊ ጽልዋ ክፈጥር ዝኸኣለ ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ፡ ነዚ ኣመልኪቱ፡ ከምዚ ይብል፡-

"ንኣብነት፡ ዓሚ ኣስታት 200 ጀሪካን ናይ ሰብዓ ድኹዒ፡ ንሓደ ሰብ ሸይጥናሉ። ስለዚ፡ ፕሮጀክት ምፍራይ ባዮ ጋዝ ምስ ውሁድን ጥሙርን ኣገባብ ሕርሻ ክኸይድ ከሎ፡ ኣዝዩ ኣርባሕን ውጽኢታውን ምህርቲ'ዩ ዝሕፈሶ። ብወገነይ፡ ንፈተነ ጉዕ ተኺለ፡ ካብዚ ናይ ባዮ ጋዝ ድኹዒ ክገብረሉ ጀሚረ። ብመፍረኡን ምስብሑን ከኣ፡ ኣብ'ዚ ዓዲ ርእየዮ ዘይፈልጥ ፍርያት ክህበኒ ክኢሉ። ስለዚ፡ ነዚ ውሁድን ጥሙርን ኣገባብ ሕርሻ ምስ ግዜ ክበጽሖን ነቲ ዝረኸቦ ድኹዒ ኣብ ሕርሻይ ከውዕሎን ተሰፋ እገብር።"



ኢንጂነር ኣማኑኤል ኣንገሶም

ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ ብዝፈጠሮ ዕድል፡ ኣቶ ተኪኤ ሚኪኤል ሓደ ካብ ተጠቀምቲ ፍርያቱ ክኾውን ክኢሉ ዘሎ'ዩ። ረኺቡዎ ንዘሎ ዕድልን ጥቕምን ድማ ከምዚ ክብል ብቓላቱ ይገልጾ - "ዝነጥፈሉ ስራሕ፡ መደበር ፈልሲ ኣፍሊሰ ናብ ህዝቢ ምዝርጋሕን ምሻጥን'ዩ። ፍርያት ባዮ-ጋዝ ኣቶ መልኣከ ቀለታ እናወሰድኩ ድማ፡ ንድኹዕን መድሃኒትን እጥቀም ኣለኹ። እቲ ካብ ድኹዒ ተጸሚቑ ዝወጽእ፡ መንጸጊ ገይረ ከም መድሃኒት እጥቀመሉ፣ ነቲ ገግለቱ ወይ ደደረቑ ኸኣ ድኹዒ ንመሬት እገብሮ። ባህርያዊ ድኹዒ፡ ካብቲ ከሚካል ዝተሓወሶ ኣርተፊሻል ድኹዒ ስለ ዝምረጽ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ጥዕና ኣታኽልተይ ጽቡቕ ውጽኢት ረኺበሉ ኣለኹ።"

ብዝተፈላለየ ዓይነት ስራሕ እናፈጠረ፡ ዓይነትን መነባብሮን ኣባላቱ ከማዕብል ዝሰርሕ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ፕሮጀክት ባዮ-ጋዝ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ንምብጻሕ ክሰርሕ ጸኒሑ'ዩ። ሓያሎ ኣባላቱ'ውን ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ዕድል ይኾኑ ኣለዉ። ሓረስታይ መልኣከ ቀለታ፡ ንኣበርክቶ ማሕበሮም ብኸምዚ ይገልጽ፡- "ረብሓታት ናይ'ዛ ባዮ ጋዝ ብዙሕ'ዩ። ነቲ ዘቤታዊ ነገራት ኩሉ'ያ ትዓሞ። ጸባ ምፍላሕ፡ ጸብሒ ምስራሕ፡ ብባዴላ ቅጫ ምስንካት ኮነ ካልእ ዕማማት ተካይደላ። ናይ ዕንጨይቲ፡ ፈሓምን ኤሌክትሪክን ሃልኪ'ውን የብልካን። ስለዚ፡ ቀረብ ጸዓት ኣብ ምርግጋጽ ዓቢ ኣበርክቶ ትገብረልና ኣላ። እዚ ኹሉ ድማ ሳላ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ዝተረኽበ እዩ'ሞ፡ ማሕበር ንዝፈጠረለይ ዕድል ብልቢ ኣመስግን" ይብል።

***

## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

### ማርመላታ ናይ ኣራንሺ

ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- 1 ኪሎ ኣራንሺ
- 1 ኪሎ ሽኮር
- 2 ሓባ ለሚን

ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

ብመጀመርታ፡ ነቲ ኣራንሽን ለሚንን ኣጽሪና ንሓጽቦ። ቀጺልና፡ ኣብቲ ኣዳሊናዮ ዘሎና ድስቲ፡ ነቲ ኣራንሺ ማይ ኣእቲና ኣብ ሓዊ ንስኽትቶ። ምስ ፈልሐ ኣውሪድና፡ ህድእ ምስ በለ፡ ነቲ ናይ ውሽጡን ቀራፍን ኣብ በበይኑ መትሓዚ ንፈልዮ። ነቲ ቀራፍ ከኣ ኣድቂቕ ኣቢልና ንመትሮ። ከም ብሓድሽ ኣብቲ ድስቲ ኣእቲና ማይ ብዓቐን ማለት ካብ 2 ኩባያ ዘይበዝሕ ኣእቲና ነብስሎ። ምስ በሰለ ከምቲ ናይ ዝቐደመ ኣገባብ ተጠቒምና ንመግቢ ድሉው ንገብሮ። በሲሉ ምስ ወረደ ኣብቲ ኣምኪንና ዘዳለናዮ መትሓዚ መሊእና ነቐምጦ።

ምንጪ፦ ወሰኽ ክብሪ ኣብ ፍረታት ሲትሩስ - ታሕሳስ 2021

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃ ማ መ ተ ኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቃምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቐጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ተማቲኣ፡ ብኸመይ ክላለዮ እኽእል፧

ኣማኻሪ፥ ሄሎው ብሃማመተኤ ናብ ዝዳሎ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል፧

ደላዪት ምኽሪ፥ ሉልያ እብሃል ካብ ንኡስ ዞባ ከረን እየ ዝድውል ዘለኹ። ኳል 28 ዓመት ኰይነ ናይ ስድራይ ድኳን እናኣካየድኩ ድማ ህይወተይን ህይወት ስድራይን ኣብ ምእላይ ተራይ ኣበርክት ኣለኹ። ሕጂ መደወልየይ ምኽንያት ድማ ኣብ ፊት ድኳንና ከምዚ ናትና ዓይነት ድኳን ዘሎዎም ስድራ ኣለዉ። ምስ'ቶም ስድራ ሰላምታ ደኣ እምበር ካብኡ ዘይሓልፍ ሌላ ኣሎና። ኣብ ድሕሪ ቀትሪ ዝሕሉ ግን ሓደ መንእሰይ ኣሎ። እቲ መንእሰይ ምስ'ቶም ስድራ እንታይ ዝምድና ከም ዘሎዎ ኣይፈልጥን'የ። ግን ኵሉ ግዜ ኣብታ ንሱ ዝሕልወላ እዋን ኣነ ፍሉይ ስምዒት ይስምዓኒ። ፈትየዮ ድየ ወይ ንምንታይ ከምኡ ስምዒት ይስምዓኒ ኣይርድኣንን'ዩ። ኣነ ከም ገለ ኢለ ናብቲ ድኳኖም ገጸይ እንተ ጠሚተ፡ ንሱ'ውን ናባይ ገጹ ክጥምት ንጋጠም። ተመሊሰ ይጥምተኒ ድዩ ዘሎ ወይስ ሓውሲ ስርቕ ኣቢለ ክጥምት ከለኹ ድማ ከምኣ ንጋጠም። ክርእዮ ከለኹ ዝደልየኒ ይመስል ግን ከም ወዲ ኪንዮ ምጥማት ዝሓልፍ ዝኾነ ዝርኣኹዎ ነገር የለን። እሞ እዚ ወዲ ይደልየኒ ድዩ ኣይደልየንን ሕቶ ኰይኑኒ። ዝደልየንን ዘይደልየንን ብኸመይ እፈልጥ፧ ኣነ እንተ ደልየዮ'ኸ እንታይ ክገብር፧

ኣማኻሪ፥ ዝኸበርኪ ሉልያ መደወሊኺ ምኽንያት ክትነግርኒ ከለኺ፡ ክልተ ከም ቀንዲ ሕቶ ጠቒስክየን ኣለኺ። ቅድሚ'ዘን ሕቶታት'ዚኣን ብደቂቕ ርኢና ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል ምኽሪ ምሃበይ እስከ ገለ ገለ ሓገዝቲ ሕቶታት ከቕርበልኪ። እዚ ክትነግርኒ ዝጸናሕኪ ናይ ምጥምማት ህይወት ካብ መዓስ ጀሚርኪ ኢኺ ከተስተብህልሉ ጀሚርኪ፧

ደላዪት ምኽሪ፥ ብንጹር ካብ ክንድ'ዚ እየ ኣስተብሂለሉ ክብል ኣይክእልን'የ። ግን ብግምት ከባቢ ሓሙሽተ ወይ ኣርባዕተ ወርሒ ኰይኑ ይስምዓኒ። ሕጂ ክድውል ዝደፋፍኣኒ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ'ዘን ዝሓለፋ መዓልታት ፍሽኽ ክብለኒ ስለ ዝጀመረ እዩ።

ኣማኻሪ፥ ንሱ ዝሃበኪ ምልክታት ክትገልጽለይ ፈቲንኪ። ንስኺ ብወገንኪ ዝገበርክዮ'ኸ እንታይ ኣሎ፧

ደላዪት ምኽሪ፥ ኣነ እሞ እንታይ ክብሎ፧ ንሱ እንድዩ ወዲ፡ ደላይየይ እንተ ኰይኑ ባዕሉ ዘይሓተኒ።

ኣማኻሪ፥ ግን እኳ ንኸባቢ ሓሙሽተ ወርሒ ዝኣክል ይጥምተኒዶ ኣሎ እናበልኪ ትጥምትዮ ነይርኪ ኢኺ። ስለምንታይ ኢኺ ከም ዝጥምተኪ ምፍላጥ ብፍሉይ ኣገዲሱኪ፧



ደላዩት ምኽሪ፥ ኣብቲ መጀመርታ ብኣጋጣሚ እዩ ኣዒንትና ትግጥም ኣቢለን። ደሓር ግን ኣነ'ውን ከይተረድኣኒ ስጉምትታቱ ከስተብህል፡ ኣ. . . ኣ. . . ኣ ኣሎካ ምሽ፡ በቃ ከስተብህለሉ ጀሚረ።

ኣማኻሪ፥ ስለምንታይ ግን ነቲ ኣብ ውሽጥኺ ዘሎ ስምዒት ቶግ ኣቢልኪ ቀጥጺ ክትፈልጢ ከቢዱኪ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣቐድም ኣቢለ'ኮ ክነግረካ ጸኒሐ'የ። ኣነ ጓል እየ፣ ንሱ ግን ወዲ'ዩ። ዝደልየኒ እንተ ኰይኑ ባዕሉ ዘይሓተኒ፧

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ እዚ ሕቶ'ዚ ቅድሚ ምዝርራብና፡ ንድሕሪት ክመልሰኪ እደልይ። ኣብቲ መጀመርታ ክትሓትትኒ ከለኺ፡ "ዝደልየንን ዘይደልየንን ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል፧" ኢልክኒ ።። ስለምንታይ ምፍላጥ ኣድልዩኪ፧ ኣስዕብ ኣቢልኪ ድማ "ኣነ እንተ ደልየዮ እንታይ ክገብር፧" ኢልኪ። ስለምንታይከ "ኣነ እንተ ደልየዮ እንታይ ክገብር፧" ዝብል ሕቶ ተፈጢሩኪ፧ እንታይ ካልእ ኣማራጺ ኣሎ ኢልኪ ስለ ዝሓሰብኪ ኢኺ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ናይ ብሓቂዶ ክነግረካ፣ ኣነ እፈትዎ'የ። እንተ ኰይኑለይ'ውን ናተይ ክኸውን ምደለኹዎ። እዛ ዘረባ'ዚኣ ንመጀመርታ ግዜ ካብ ኣፈይ ኣውጽኣ ኣለኹ። ኣብ መንጎ እየ ተቖርቂረ። በቲ ሓደ እደልዮ'የ፡ በቲ ሓደ ከኣ ንሱ'ኸ ይደልየኒ ድዩ ኣይደልየንን ክፈልጥ እደልይ። ከምኡ'ውን ሕሰብ ኣብሎ እሞ፡ "ክሓቶዶ፧" ዝብል ርእይቶ ኣብ ሓሳበይ ቅልቅል ይብለኒ'ዩ። ከምቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝነገርኩኻ ክብረይ ከኣ ክዋርድ ኣይደለኹን።

ኣማኻሪ፥ ምሕታት ጸገም ዝብሃል የብሉን ዝብል መኻሪ እንተ ትረኽቢ እሞ ንስኺ ድማ በቲ ምኽሪ እንተ ትሰማምዒ፡ እንታይ ኢልኪ ምሓተትክዮ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ እዚ ድኣ ፍሉጥ፡ "ኣፍቅረካ'የ እሞ ተፍቅረኒ ዲኻ፧" ኢለ ምሓተትኩዎ።

ኣማኻሪ፥ ብቐዳምነት ክፍለጥ ዘሎዎ ነገር፣ ነዚ ሰብ'ዚ ዝመረጽክሉ ቀንዲ ምኽንያት ብዝርዝር ምስ ነብስኺ ምዝርራብ የድልየኪ'ዩ። በዚ መሰረት ድማ ቅድሚ ምስኡ ምዝራብኪ፡ ከምዚ ዝበልክዮ ድማ ኣፍቅረካ'የ ቅድሚ ምባልኪ፡ ስለምንታይ እየ ኣፍቂረዮ፧ ንኸፍቅሮ ዝገበረኒ ቀንዲ ምኽንያትከ እንታይ እዩ፧ ዝብል ሕቶታት ክትሓቲ ምተገብኣኪ። ከምዚ ክትገልጽለይ ዝፈተንኪ ክሳዕ ሕጂ ብኣካል ተራኺብኩም ኣይትፈልጡን ኢኹም። ናብዚ ዘለኺዮ ስምዒት ክትበጽሒ ዝገበረኪ ምኽንያት ምጥምማት ጥራሕ እዩ። ብዓይኒ ጥራሕ ዝምስረት ፍቕሪ፡ እንተ ኰይኑልኪ ከኣ ምሳኺ ብምንባር ብዓልቤት ክኾነኪ ትደልይዮ ሰብሲ፡ ስለምንታይ ተቐራሪብኩም ብውሕዱ ክትላለዩ ዘይፈተንኪ። በሊ ከምቲ ኣብቲ ናይ ፋልማይ ሕቶኺ "ከም ዝደልየንን ዘይደልየንን ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል፧" ኢልኪ ዝሓተትክዮ፡ ናይ ኣቀራርባ ጥበብ ተጠቒምኪ ክትቀርብዮን ክትላለይዮን ጥራሕ እዩ ዘሎኪ። ንፍቕሪ ከማዕብሉ ካብ ዝኽእል ሓደ ረቛሒ ምልምማድ'ዩ። ነቲ ኣብ ሓሳብኪ ዝፈጠርክዮ ከም ነውርን ጌጋን ኰይኑ ሓሳብኪ ከፋፊሉ ዘሎ፡ 'ወዲ እዩ ክሓትት ዘሎዎ' ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ካብ ርእስኺ ኣውጽእዮ። መን እዩ ቅድም ክሓትት ዘሎዎ ዝብል ኣበሃህላ፡ ክሳብ ንስኺ ንቕምነገር (ንሓዳር) ደሊኺዮ ዘለኺ፡ ዘሸግር የብሉን። ወዲ ቅድም ክሓትት ኣሎዎ ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ዋላ'ኳ ብልምዲ ዝተሃንጸ እንተ'ኾነ እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ደቂ ተባዕትዮ ኣይሰኣኑን እዮም'ሞ ተሃንዲድኪ ናብ ናይ ፍቕሪ ሕቶ ምእታው ኣየድልየክን እዩ። ከም ጥበብ ግን ነቲ ትደልዮ ወዲ ከም ዝሓተኪ ትገብረሉ ኣካይዳ ሓጋዚ እዩ። ወዲ ይቐድም ኳል ክስተብሃለሉ ዘሎዎ ነገር፡ ነቲ ትሓቶ ውልቀሰብ ቅድሚ ምሕታትካ ንነብስኻ ክትሓቶ ዝግባእ ነገራት ኣሎ። ስለምንታይ'የ ደልየዮ/ደልየያ፧ ካብ ህይወቱ/ህይወታ ባህ ዝብለኒ ነገር እንታይ እዩ፧ ጉድለት ኰይኑ ግን ከኣ ክጻወሮ ዝኽእል ነገራት እንታይ እዩ፧ ዋላ'ውን ዕሙቕ ኢልካ ናይ ስድራ ነገር ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ንምሉእ ዕድመኺ ንሓዳር ዝኾነኪ ሰብ ክትላለዪ ትሓስቢ ስለ ዘለኺ'ዩ። እንተ ዘይኮኑ፡ ድሌታትኪ ንግዝያዊ ስጋዊ ድሌት ጥራይ እንተ ኮይኑ፡ ንክልተኹም ዘዕኑ እምበር ዘርብሕ ኣይኮነን። እዚ ሕቶታት'ዚ መልሲ ክረክብ እንተ ኰይኑ ግን ምልምማድ ወይ ምቅርራብ ክህሉ ይግባእ። ስለዚ፡ ከም ሰብ እንተ ተላለኺዮ፡ መተኣታተዊ መገዲ ሃሰው ኢልኪ እንተ ኣዘራረብክዮ እቲ ዝሓሸ እዩ። ሓደ መራኸቢ ክኸውን ዝኽእል መገዲ ከም ዘሎ'ውን ይርኣየኒ። ብውሕዱ ንኽልተኹም ዘራኽበኩም ሞያ ኣሎኩም፣ ክልተኹም ነጋዶ ኢኹም። ነዚ ምኽንያት'ዚ ተጠቒምኪ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ውሽጥኺ ዘሎ ዕላማ ከይተዛረብኪ ናይ ስራሕ ሌላ ክትፈጥሪ ትኽእሊ ኢኺ። ክትቀርብዮን ከተዘራርብዮን እንታይ ሽግር ክፈጥር ይኽእል፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ከምዚ ንፍቕሪ ዝሓቶ ዘለኹ ከይመስሎ እንተ ዘይኰይኑ እንታይ ሽግር እሞ ክህሉዎ፧ ደሓር ከኣ እንተ ፈሊጡኒ እሞ ከኣ ኣሉታዊ መልሲ እንተ ሂቡኒ ክስምዓኒ ዝኽእል ስምዒት ቀሊል ኣይመስለንን።

ኣማኻሪ፥ ዘይምቕባሉ ከም ስዕረት እኳ እንተ ዘይኰነ፡ ስለምንታይ ግን ከምቲ ንስኺ ክትቅበልን ክትኣብዩን መሰል ዘሎኪ ንሱ ድማ ክደልን ከይደልን መሰል ኣሎዎ ኢልኪ ዘይሓሰብኪ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ እንታይ ድዩ ዝርኣየኒ መሰለካ፡ "እዛ ጓል'ዚኣ ሓቲታትንስ ኣብየያ፡" ኢሉ ክዛረበለይ'ዩ ዝርኣየኒ።

ኣማኻሪ፥ ብኽልተ ሸነኻት ክንርእዮ። በቲ ሓደ ሸነኽ ከም ዝብል ርግጸኛ ዘይኰንክሉ ክነስኺ፡ ከይብል ኢልኪ ምሕሳብ ቅኑዕ ድዩ ክብሃል ይኽእል። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ እንተ በለኺ፡ እንታይዶ ኣበሳ ኣቢስኪ ኢኺ፧ ዝፈጸምክዮ ገበን የለን። ዝገሃስክዮ መሰል ሰብ'ውን የለን። እኳ ድኣ ኣኽቢርክዮ ኢኺ። ስለዚ፡ ከምቲ ዝበልክዮ ዘረባ እንተ ተዛረበ እውን ንገዛእ ርእሱ'ዩ ዘምዝና እምበር ንዓኺ ከስዕበልኪ ዝኽእል ውርደት የብሉን። ከም ሰብ ዝደለኹዎ ኵሉ ናይ ግድን ክረኽቦ ኣሎኒ ዝብል ሰብ እንተ ዘጋጥመኪ እንታይ ምበልክዮ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ እንታይ ናብ ካልእ ሰብ ኣካየደካ ኣነ እንዶ ኣለኹልካ። ስዕረት ብፍጹም ኣይፈቱን'የ። ዝደለኹዎ ከኣ ሎሚ ትኹን ጽባሕ ክረኽባ ኣሎኒ በሃሊት'የ።

ኣማኻሪ፥ እዚ ዝደለኻዮ ናይ ምርካብ ባህጊ ጽቡቕ ነገር እኳ እንተ ሃለዎ፡ ኵሉ ክትረኽቦ ዘይከኣል ምኳኑ ግን ሰብ ኵሉ ክፈልጦን ክኽእልን ኣብ ኵሉ ክህሉ ዘይክእልን ምኳኑ እኹል መልሲ'ዩ። ድሌት ብፍጹም ኣይውዳእን እዩ። ንድሌትካ ብመሰረት ህሉው ኩነታትካን ማሕበራውን መንፈሳውን ሓቅታት ትመዝኖም እሞ ክውንነቱ ትግምግም። ሽዑ ንድሌትካ ክትገትእ ወይ ክትቅጽል ትውስን። እዚ ማለት ኵሉ ድሌትካ ክፍጸምን ከይፍጸምን ይኽእል ምኳኑ ተረዲእካ ንኹሉ እንተታት ድሉው ምኳን ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ስዕረት ዘይምፍታውኪ ከም ጽቡቕ ክርኣ ዝኽእል ዘሐርነክን ሓይሊ ሂቡ ብዝሓሸ መገዲ ከም ትምርሒ እንተ ኰይኑ እምበር፡ ኢድኪ ከም ትህቢ ገይሩ ናብ ጭንቀት ዘእትወኪ እንተ ኰይኑ፡ ሕማቕ'ዩ።



ደላዩት ምኽሪ፥ እታ ብፍሉይ ምስኡ ዝዘራረበሉ መገዲ ምፍጣርን ክሓቶ ዘይኰነስ ከም ዝሓተኒ ክገብር ከም ዘሎኒ ዝሃብካኒ ምኽሪ ኣስሚረለን ኣለኹ። ብሓፈሻ ግን ከመስግነካ እደልይ።

ኣማኻሪ፥ መርሓባ፡ ሰናይ ይስዓብኪ!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰላም ጉብረሂወት፡ ብዋል ቤተይ ተወልደ ሰመረ ወልደትንሳኤ ስለዘተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ በየነ ፎቶ ሰገድ፡ ኣቦይ ፎቶ ሰገድ ዐቍባይን ኣደይ ናዝሬት እምባየ መሓሪን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ ናይ 2 ስወኣት ኣሕዋተይ 8 ተተካእቲ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሰተ ዘርኣብሩኽ ብርሃ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ሰቲት ከሰተ ዘርኣብሩኽ ምግል ተሪፉ፡ መቅሰን ከሰተ ዘርኣብሩኽ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማህሌት ክፍላይ ጉብረማርያም፡ ብዋል ቤተይ ጉብረብርሃን ይብኣሎ ባህታ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሃብ ኣብርሀት ሰለሞን ምግል ተሪፉ፡ ደሃብ ኣብርሃ ሰለሞን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ሃብተስላሴ ተፈራ ብዋል ቤተይ መድሃኔ ጉብረክርስቶስ ጉብረስላሴ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዝዋበ ባህታ ግደ ምግል ተሪፉ፡ ሽዊት ባህታ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃነሱ ወልዱ ተስፋስላሴ ምግል ተሪፉ፡ ውሓዚት ወልዱ ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ትዕግስቲ ፍስሃየ ተኽላይ፡ ወለደይ ፍስሃየ ተኽላይ ተስፋጋብርን ኣበበ ኣካል ባህታን ስለዝዓረፉ፡ ኣነን ኣሕዋተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጓና ንጉሰ ኣብርሃም፡ ወኪል ንጉሰ ኣብርሃም ኣውዓሎም፡ ሓለፎም ታደሰ ሚከኤሉ፡ ንዓኻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የርጋኖስ ብርሃ ግርማይ፡ ኣቦይ ብርሃ ግርማይ በየን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብምኽንያት ድንገታዊ ዕረፍቲ ኣዚና እትፍቅሮ መንእሰይ ወድና ኢ.ን.ጅ. ኤፍሬም ግርማይ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኩሉንትናዊ ምትሕብባር ዝገበሩልና ኣባላት መደበር ሕክምና ከረን፡ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ኣባላት ትካል Ericuip ኤርትራ ከምኡ'ውን ኣዕሩኽቱን ፈተውቱን ነማስግን። ከምኡ'ውን ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ዝተሳተፍኩም፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ካብ ደገን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ብፍላይ ኣዕሩኽን መተዓብይትን ወድና፡ ብዙወሳኺ ማሕበር ደናግል ኣሕዋት ካቡቺኒ ቲራብሎ ብዝገበሩልና መንፈሳዊ ምጽንናዕ ልባዊ ምስጋና እናኣቕረብና የቐንየልና ክብረት ይሃብልና። ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

ኣዲኡ ወላዲቱ ተኽኣ ወልደስላሴ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤትይ ጆሚ ሉችየ ብርሃ ከሊፋ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካ መቓብር ጸጸራት ዝቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ትምኒት መሓመድ
ምስ ደቅናን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብመማስዋእቲ ኣዚና ብልቢ እነፍቅራን እነኽብራን ብዓልቲ ቤተይ መምህር ወይኒ ኣብዩ ጉብረመድህን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዘጸናናዕኩምና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዝቃበርኩምና፡ ብኣካል ተመላለስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና መቕርብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነማስግን።

ብዓል ቤታ መምህር ማስፍን ወልደስላሴ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዘፍቅራ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ጸጉብርሃን ጉብረማርያም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎና ዘይተፈለኹም፡ ምስ ዓረፈት ኣብ ኣመሪካ ሜሪላንድ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብራ ካብ ርሑቕን ቀረባን መጺእኩም ዝተሳተፍኩምን ካብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ናይ ጽንዓት መልእኽቲ ዝሰደድኩምልናን ከምኡ'ውን ደብረ ሰላም ቅዱስ ሚካኤል ቤተክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ ካህናት ንዝተገብረላ ናይ ጸሎት ኣገልግሎት ብልቢ እናኣመስገንና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ብዓል ቤታ ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ
ምስ ኩሎም ደቀይን ስድራቤተይን

ብስም ጳውሎስ ስምኦን ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣብ ዓዲ/ከበበ ክትመውልዕ ብመወከሲ ቁጽሪ 000121 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 010572 ፕሎት 8 ፓርሰል A ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል፡ ብቁ. ቴለፎን 07186958 ክሕብረኒ። እንተዘይርከይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ጳውሎስ ስምኦን ገብረእግዚኣብሄር

ወ/ሮ ሳባ መለስ ወልደማርያም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ዚ.ፕ IA 744/82 ፓርሰል ASP00008219-J መለለዪ ገዛ ASD 00009690 ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ምስክር ወረቐት 103596 መወከሲ 114285 ቁጽሪ ገዛ 29-31 ጎደና 744-1 ዝርከብ ዓይነት ገዛ ቪላ ቀንዲ ክፍልታት 6 - ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ዘለዎ፡ ብህሉው ዋና ወ/ሮ ሳባ መለስ ወልደማርያም +1 ዝተመዝገበ፡ ብሸማግለታት ብዕርቅን ስምምዕን ውዕል መሸጣ ስለዝተፈጸመ፡ ብጽሒት ወ/ሮ ሳራ መለስ ወልደማርያም ናብ ወ/ሮ ሳባ መለስ ወልደማርያም ከመሓላለፍ ስለደለኹ፣ ይግበኣኒ ዝብል ተቓውሞ እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት እዚ ምልክታ ብጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተራልን ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ መለስ ወልደማርያም
ሕጋዊ ወኪል ኢያሱ ገብረስላሴ


## መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሉም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዘጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዞም ዝስዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ሰልጠንኡ ቀጺሉ ንሓደስቲ ሰልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ክምዘሎ ብሓጎስ ይሕብር።

ኣድራሻና፡ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ Red sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ሰኒ'ዩ ብተወሳኺ'ውን ብቁ. ቴሌፎናት 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ።

### ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➤ Computer application | ➤ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➤ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➤ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➤ Video/film shooting & Photography (ምስኣል ብዶሮን ተንቀሳቓሲ ካሜራን) | ➤ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro ) |
| ➤ Mobile software and hardware maintenance | ➤ Principle of Accounting, Peachtree, Tally and Quick book software' |
| ➤ Solar Installation | ➤ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |
| ➤ Electrical line installation | |
| ➤ Printer and Photocopier maintenance | |
| ➤ Software maintenance and programming with Python | |

ንኹሉም ሰልጠንቲ ምትካል ደገ ብነጻ ንምህር .



Alliance Française Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ክረምቲ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንነኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ክጅምር ምዃኑ ከተበስር ትፈቱ። ፍሉይ ዝኾነ ትምህርታዊ ንጥፈታትን ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ።ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Senior Mine Planning Engineer**

**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Reporting to the Mine Planning Superintendent, the role will be responsible for providing short-term to-long-term planning and carrying out improvement projects when required to assist with Open pit and Underground operations.
- The role will also work hand in hand with the operation team to ensure optimal performance of the mining fleet to achieve planned targets as outlined in the daily, weekly, monthly and yearly budget schedules by applying international best practice principles and ensure statutory compliance with all applicable rules and regulations, and to set and maintain high standards in safety and health.
- In Addition, the role will also focus on the training/coaching and mentoring to accelerate our Eritrean staff in their development.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**Main Functions**

- Develop comprehensive short-term and long-term mine plans for Open and Underground operations
- Provide reports on actual production and conduct reconciliation on this. Highlighting variances and recommended actions to correct variances outside of tolerance
- Monitor actual and Open pit/ Underground designs to ensure achievement of design criteria
- Ensuring that the completion and timely of daily, weekly and monthly plans and schedules, detailed pit, dump and other infrastructure designs appropriate for construction
- Prepare weekly and monthly compliance reports ensuring they are submitted on time and to the required quality
- Ensure that the mine planning groups are providing the required level of service to the Open pit and Underground mine operations and projects
- Ensure Open pit and Underground designs are up to date and in advance of operations
- Ensure daily, weekly and monthly plans are followed and adhered too
- Promote and assist with business improvement projects
- Undertake safety investigations and take corrective actions to prevent reoccurrence.
- Develop the local Engineers competencies and establish safe systems of work through standard operating procedures.
- Contribute to the continuous development of mining operations systems and processes to meet short term mining requirements.
- Develop forecast and budget cost estimates for Mining department

**SHEC**

- Health, Safety and Environment
- Comply with all legal obligations, safety policies and procedures
- Creating and maintaining a safe work environment and ensure that all Company health, safety & security procedures and policies are being followed by staff and contractors.
- Practice courageous leadership at all times
- Ensure all operations are conducted with regard to the use of safe work practices and proper PPE
- Ensure all safety incidents are fully reported, investigated and corrective actions taken as required.
- Recognize and report all hazards at the project site
- Ensure Company environmental standards are met and adhered to
- Undertake risk assessments to reduce the operational risk profile where possible
- Encourage team members to have active participation in the EMR team.

**Reporting**

- Submit daily, weekly, monthly performance data for all mining operations.
- Assist geology and survey to undertake reconciliations to monitor performance.

**Technical**

- Reduce ore dilution through implementation of sound mining and planning practices for both open pit and underground operations
- Ensure timely communication for survey works in marking ramps and roadways, bunds, ground control, power, water, communications, work areas, personnel facilities etc before execution of planned works
- Apply best industry practice to all mine operational activities
- Develop productivity assessment tools and monitoring systems

**Standards**

- Implement sound mining engineering planning systems, standards and procedures into the mine
- Contribute to the development of Mining Standard Operating Procedures SOPs.

**Administration**

- Ensure daily, weekly and monthly report production figures are submitted on time and correct.
- Ensure the equipment maintenance schedule is followed and any deviation accounted for in the plan and discussed with the maintenance team
- Maintain good records and documentation of all mine safety activities and trainings in collaboration with safety and training team
- Ensure highest compliance of dumping compliance
- Ensure all mining production is reconciled against plan on a daily basis.
- Ensure they is timely communication of any changes to the plan to Operations

**Other**

- Work harmoniously with other departments to ensure good relationships are developed and maintained.

CONTINUED TO PAGE 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's degree in mining engineering at a recognized University |
| Working Experience – Nature & Length | • 10 years' experience in metalliferous mining with 5 years open-pit and underground mine planning.<br>• Demonstrate understanding of mining engineering theories and principles.<br>• Mining technology and large-scale production experience.<br>• Ability to conduct time motion studies on Cycle times and operational efficiencies of all mining fleets and processes.<br>• Prior use and understanding of mine design and planning software i,e Datamine, NPVS & Studio OP Deswik etc.<br>• Experience in Mine Planning, Design and Production Engineering.<br>• Open pit drill and blast operational and planning experience.<br>• Proficient spreadsheet, presentation, work processing and database skills. |
| Technical Skills | • Leadership skills in multi-disciplinary environment.<br>• Train and develop local staff.<br>• Analytical skills.<br>• Project management skills.<br>• Attention to detail.<br>• Report Writing skills.<br>• Decision making skills.<br>• Plan, organize and execution skills.<br>• Understand Machine capabilities and productivities.<br>• Problem solving skills.<br>• Valid Driver's License. |
| Behavioral Skills | • Safety leadership by example.<br>• Ability to work in developing countries.<br>• Good Interpersonal skills.<br>• Ability to work under pressure with challenging targets.<br>• Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented.<br>• High level of initiative.<br>• Ability to multitask.<br>• Demonstrated team building and mentoring skills.<br>• Demonstrated training and people development skills.<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.<br>• Good interpersonal skills. Get things done attitude. |

**General Information and other requirements:**


- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**




ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ፍቕሪ ዝሓዘለ መቕጻዕቲ

## ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ወዲ ዕስራ ዓመት ምስ ኮንኩ፥

ከም ድላየይ ምኽንያይ ዋላ ሓንቲ ቅዉም ነገር ከም ዘይረኸብኩሉ ተሰቈረኒ። ትምህርቲ ስለ ዝሓመቕኩ ኣይተዓወትኩን። ኣብቲ ናይ ገዛውትና ጽርግያ ኮለል ክብል ጸሓይ ትዓርበኒ ነበረት። መዛኖይ ገሊኦም ተማሂሮም




ተመሪቖም፡ ገሊኦም ስራሕ ጀሚሮም፣ ኣነ ግን ከምታ ቀደም ዝነበርኩዋ ዋላ ሓንቲ ኣየፍረኹን። ኣብ ገዛውትና ድማ ‘እቲ ዋና ጸሓይ’ እናተበሃልኩ ይጽዋዕ ነበርኩ። ምኽንያቱ፡ ጸሓይ በሪቓ ክሳዕ እትዓርብ ኣብ ደገ ኣለኹ፡ ምሉእ መዓልቲ ናብ ጸሓይ ከቋምት ከኣ ስርሐይ ኮይኑ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ፡ ምስ ባባ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢልና ከለና፡

“ባባ፡” ኢለ ተደሃኹዎ። እንታይ ከም ዝብሎ ብፍርሂ ተዋሒጠ ነበርኩ።

ባባ፣ “ኣቤት ፍቑር ወደይ፡” ብምባል በተን ዝደኸማ ኣዒንቱ ብፍቕሪ ጠመተኒ።

“ቈልዓ ከለኹ ከም ድላየይ ክኸውን ክብለካ ከለኹ ስለምንታይ ዘይቀጻዕካኒ፧” ብሕፍረት ጠመትኩዎ።

“ኣዝየ ስለ ዝፈትወካ፡” ባባ ህድእ ኢሉ ተዛረበኒ።

“ኣይኮነን ባባ፡” ዘረባ ኣብዩኒ ተለኸትትኩ፡ ካብ ኣዒንተይ ድማ ንብዓት ክዛሪ ጀመረ።

“እዚ ወደይ ክሳዕ ወዲ ሸውዓተ ዓመት እትኸውን እቐጽዓካ ነይረ። ብድሕሪኡ ግን መቕጻዕቲ ስለ ዘይደለኻዮ ናጻ ክትከውን ገዲፈካ፡”

## ንልቦና

“ባባ ወጺዕካኒ። እንታይ ነይሩዎ ሸዑ ከምኡ ክብለካ ከለኹ ከም ቀደምካ እዝነይ ቈንጢጥካ ዘይትቐጽዓኒ። ባባ ናጻ ስለ ዝሰደድካኒ እየ ተበላሸየ። መዛኖይ ተማሂሮም፡ ገሊኦም ስራሕ ጀሚሮም ሰብ ኮይኖም፡ ኣነ ግን ትርጉም ዘይብሉ ህይወት እነብር ኣለኹ፡” ንብዓተይ መመሊሱ ዛረየ።

“እዚ ወደይ መቕጻዕቲ ወላዲ፡ መኣረሚ እንድኣሉ። ውሉድካ ጽባሕ ሰብ ክኾነልካ እንድኣልካ ጠፍ እተብሎ። ንስኻ ግን ነዚኣ ኣቢኻኒ። ሸዑ’ውን ከምዘይትጠዓስ ነጊርካኒ ኢኻ። ስለዚ፡ ኣሮን ወደይ፡ ሕጂ ኣይንወቓቐስ ዘሎካ ግዜ ብግቡእ ተጠቐመሉ፡” ብምባል መለሰለይ።

በዚ ድማ ኣነ ጌጋ ከም ዝነበረኒ ኣጸቢቐ ተረድኣኒ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ኣብ ጣዕሳ እነብር ኣለኹ። ለካ ጠፍታ ወላድስ መድሃኒት እዩ። ኣብ ግዜ ቍልዕነትኩም ተጸሚምኩም እንተ ኣጽኒዕኩም፡ ካብ ጸወታ እንተ ተኣሊኹም መጻኢኹም ብሩህ ከም ዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ግዜኹም ብኸንቱ እንተ ኣባኺንኩም ድማ መጻኢኹም ከምዛ ናተይ እያ።

ፍቱዋት ኣሕዋተይ፡ ካባይ ተማሂርኩም ዘረባ ወለድኹም ስምዑ። ኣብ ግዜ ቍልዕነትኩም ብሩህ መጻኢኹም ህነጹ። ናይ ወለዲ መቕጻዕቲ፡ ፍቕሪ ዝተሓወሶ መኣረምታ ስለ ዝኾነ ብቕኑዕ ልቢ ተቐቢልኩም ካብ ጌጋኹም ተኣረሙ። ወለዲ ዝቐጽዑኹም ኣዝዮም ስለ



ዝፈትዉኹምን መጻኢኹም ንኽጽብቐን ምኻኖም ኣስተውዕሉ።

ስእሊ፡ ሃኒ (ሃዙ)

ተፈጸመ!

# ናይ ጽባሕ ....

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ዝተጀመረ፡ ትምህርቲ ዓመተ 2025-2026 ኣብ ወርሒ ሰነ ተዛዚሙ። ተመሃሮ፡ ኣብ ፈቖዶ መንገዲ ብሕጉስ መንፈስ ሸልማቶምን ወረቐት ምስክርን ሒዞም ክሓልፉ ይረኣዩ። ንሕና ድማ ምስ እዞም ናይ ሎሚ ተመሃሮ፡ ናይ መጻኢ ምሁራን ዕላል ኣካይዳና ኣለና። ሰናይ ንባብ!

## ኢንጅነር ክኸውን እየ

ደሊና ሰሎሞን ዘርኣይ እበሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሃብሮም ክልተ ዓመት ተማሂረ። ኣብዚ ዓመት ድማ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ትምህርተይ ዛዚመ፡ ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ሰጊረ ኣለኹ። ኣዝየን ንፉዓት መምህራን ስለ ዝመሃራኒ፡ ምስ ዓበኹ ኢንጅነር ክኸውን እየ ዝደሊ።

ኣቦይን ኣደይን ድማ ኣብ ትምህርተይ ይከታተሉኒ እዮም። ንመምህረይን ወለደይን ድማ ብልቢ ኣመስግኖም።



## ዶክተር ክኸውን እየ

ናሄር ሃብተገርጊስ እበሃል። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ርስትና ክልተ ዓመት ተማሂረ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፥ ፊደላት፡ ቁጽርታት፡ እንግሊዝ ከምኡ’ውን ብዙሕ መዛሙር ተማሂረ። ሕጂ ድማ ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ሰጊረ ኣለኹ። ንመምህራነይ ናይ ልበይ እፈትወን። ንደቂ ቤት ትምህርተይ ድማ ፍትው ኣብሎም። ምስ ዓበኹ ዶክተር ክኸውን እየ ዝደሊ።

ወለደይ ድማ ንኽነፍዕ ይከታተሉኒ እዮም። ንመምህረይን ወለደይን ብልቢ ኣመስግኖም።



## ክኢላ ኮምፒዩተር ክኸውን እየ

ቤትኣብ ሳሙኤል እበሃል። ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ማይ ጭሆት ተመሃራይ ካልኣይ ክፍሊ እየ። ኣብዚ ዓመት እዚ፣ ቁጽሪ 100፡ ሰነ ፍልጠት 100፡ እንግሊዝ 100፡ ትግርኛ 100፡ ኣምጺአ። ካብ ክፍለይን ካብ ኩሎም ቀዳማይ ክፍልን ድማ ቀዳማይ ወጺአ። ኣብ ትምህርቲ ዝተዓወትኩሉ ምኽንያት፡ ግዜይ ብግቡእ ስለ ዝጥቀመሉን ወለደይ ድማ ስለ ዝሕግዙንን እዩ። ተመሃሮ ከምዚ ከማይ ክነፍዑ ብመደብ ከጽንዑን ጸወታ ድማ ከውሕዱን ኣለዎም። ምስ ዓበኹ ክኢላ ኮምፒዩተር ክኸውን እምነ።

ኣቦይን ኣደይን ከምኡ’ውን ንመምህራነይ ብልቢ ኣመስግን።









# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## እወታዊ ኣድልዎ

ሚርያም የሱፍ

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ሓደ ካብቶም ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ማዕርነት ንምርግጋጽ ዝሰርሓሉ ዓበይቲ ፖለሲታት፡ እወታዊ ኣድልዎ (Affirmative Action) እዩ። እወታዊ ኣድልዎ፡ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን ምኽንያታት፡ ማዕረ ክሰጉሙ ዘይክኣሉ ክፋላት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዕድላት፡ ኣብ ጽፍሕታት ወዘተ፡ ፍሉይ ዕድል ብምፍጣር ወይ ቀዳምነታት ብምሃብ፡ ምዕሩይ ናይ ውድድር ባይታ ናይ ምፍጣር መስርሕ እዩ። ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላማ ብዝዮዩጽ ኣብ ዝሰርመሉ እዋን ድማ፡ ሓደ ካብቶም ዓቢ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ዘለዎም ፖለሲታት እዩ።

ፖለሲታት እወታዊ ኣድልዎ፡ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ንዝተጸልወ ዝተፈለላየ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ማእከል ገይሩ ዝሰርሕ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ምሕያል ደቂ ኣንስትዮ ዘተኩረ መዳዩ፡ ሓደ ካብቶም ብዙዛሓ ክትዓት ዝዐበረሉን ርእይቶታት ዘውጽኣን ኣምር እዩ። እዚ ፖለሲ እዚ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣተኩሮ ገይሩ ክትግበር ከሎ ዘለዎ ቀንዲ ዕላማ፡ ነቲ ንዘመናት ዝጸንሐ ጾታዊ ዘይምዕሩይነትን ንሱ ዝመበገሲኡ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታትን ንምስባር እዩ። በዚ መዳይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማሕበራዊ መዳይ ዘለወን ኣፍራይነት፡ ኣብ ቁጠባ ናይ ምስታፍ ናጽነትን ዕድልን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ንጡፍ ተሳትፎ ከም ዝህልወን ብምግባር፡ ኣብ ምድንፋዕ ናይ ምግባር ዓቕመን ዓቢ ተራ ይጻወት። እዚ፡ ነቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ሱር ሰዲዱ ዝጸንሐ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታት ኣብ ምቕያር'ውን ዝዓለመ እዩ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣተኩሩ ዝንደፉ ፖለሲታት እወታዊ ኣድልዎ፡ ብቐዳምነት ኑቲ ኣብ መንጎ ክልተ ጾታ ዘሎ ናይ ተሳታፍነት ጋግ ንምጽባብ ዝዓለመ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣካል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ መጠን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ዕድል ረኺበን ዓቕመን ከርእያሉ ዝኽእላ ባይታ ንምፍጣር እዩ። በዚ ድማ፡ ኑቲ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ባህላውን ማሕበራውን ምኽንያታት፡ ኣብ ትምህርትን ናይ ስራሕ ቦታታትን ንዝተፈጥረ ዘይተመጣጠነ ቁጽሪ ብምምዕርራይ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጾታታት ዘሎ ናይ ቁጽሪ ጋግ ከም ዝጸብብ ይገብር።



ብዘወሳኺ፡ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ባዕለን ኣታዊታት ክህልወን፡ ኣብ ስራሕ ክቑጸራ፡ ናይ ውርሻን ምምሕዳር መሬትን መሰል ክህልወን፡ ንግዳዊ ፍቓድ ናይ ምርካብ ቀዳምነታት ክወሃበን ዝብሉ፡ ገለ ካብቲ ዕላማታት ናይዚ ፖለሲ እዩ። በዚ ዕላማ ድማ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃልዩዋ፡ ንገዛእ ርእሳ፡ ንስድራቤታን ንምሉእ ሕብረተሰብን ዓቢ ናይ ቁጠባ ሓይሊ ከም ዝህልዋ ይገብር።

ካልእ ኣገዳሲ ዕላማ ናይዚ ፖለሲ፡



ምድንፋዕ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ናይ ኮምን መንግስትን ኣብ ዝወሃብ መስርሕ ናይ ውሳኔታት ከም ዝሳተፋ ዝገብር ስርዓት ኮታ የዋድድ። ብመንገዲ እዚ ንደቂ ኣንስትዮ ዝተሓዝአ ኮታ፡ ኣብ ባይቶታት ወይ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ምምሕዳራት ንደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ብዘወሃብ ቁጽሪ፡ ኣብ ማሕበራውን ፖለቲካውን ውሳኔታት ናይ ባዕለን ድምጺ ክህልወን ድፍኢት ይፈጥር።

በዚ ዝተጠቕሰ ዕላማታት ኣቢሉ ድማ፡ ኑቲ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ክህሉ ዘለዎ ኩለንታዊ ዕብየት፡ ብዝሕነት ብዘለዎ መንገዲ ከም ዝሰገም ይገብር። ብመገዲ እቲ ዝፍጠር ዕድላት ድማ፡ ኑቲ ሕብረተሰብ ኣርኣያ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብምፍጣር፡ ንዝጸንሐ ኣተሓሳስባታት ኣብ ምቅላስን ምቕያርን ዘይነዓቕ ተራ ይጻወት።

እወታዊ ኣድልዎ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክትግበር ይኽእል እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት ንተሳታፍነት እቲ ዕላማ ዝተገበረ ክፋል ሕብረተሰብ ዝሕግዝ ናይ ስርዓት ኮታ ኣገባብ ይጥቀማ። ኣብ ገለ ድማ ብርክት ዝበለ ሓለፋታት ወይ ናይ ምትብባዕ ኣገባብ ብምጥቃም፡ ተሳታፍነት ከም ዝዓቢ ይገብራ።

ንኣብነት ኣብ ሃገርና ምስ እንርኢ፡ ብመሰረት ኣዋጅ 86/1996፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ህዝባዊን ፖለቲካዊን ሰታፊታትን ዝካየዱ ምርጫታትን ሕዙእ 30% ከም ዘለወን እዩ ዝጸርር። እዚ፡ ሓደ ካብቲ ብስርዓት ኮታ ዝግበር ኣገባባት ናይ እወታዊ ኣድልዎ እዩ።

ካልእ ኣገባብ'ውን፡ ኣብ ናይ ስራሕ ትካላት ወይ ናይ ትምህርቲ ዕድላት፡ ንደቂ ኣንስትዮ ንምትብባዕ ተባሂሉ ዝግበር ምፍኻስ ወይ ምጉዳል ናይ ገለ ቅጥዕታት ኣሎ። እዚ ፖለሲ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብዝተፈላለየ ዓይነት ኣገባባት ዝትግበር እዩ። ናይዚ ኣብነት፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ እንጥቀመሉ ዝነበርና ኣገባብ ከም መወከሲ ምውሳድ ይከኣል። ኣብ መልቀቒ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ፡ 1.8 ነጥቢ ዝዘምጽኣ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ናብ ናይ ዲግሪ መደብ ከም ዝሕንበራ ምግባር፡ ሓደ ኣብነት ናይቲ ኣብ ሃገርና ዝነበረ ናይ እወታዊ ኣድልዎ ፖለሲታት እዩ። ኣብ ትካላት'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ግዜ ምቑጻር ሰራሕተኛታት ንቑጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ንምድንፋዕ ተባሂሉ ዝወሃብ ዝተፈላለየ ዕድላት፡ ከም ኣካል ናይዚ ፖለሲ ምጥቃስ ይከኣል።

እዚ ፖለሲ'ዚ፡ ማሕበራዊ ምዕሩይነት ኣብ ምምጻእ ዓቢ ተራ እኳ እንተ ሃለዎ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ምንጪ ዓበይቲ ክትዓትን ዝተፈላለዩ ርእይቶታትን ኮይኑ እዩ። ነዚ ንምርዳእ፡ ዘለዎ ረብሓታትን ድኽመታትን ኣነጻጺርካ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

እቶም ኣገደስቲ ረብሓታት ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ፖለሲታት፡ ቅልጡፍን ህጹጽን ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዓቢ ተራ ስለ ዝጻወቱ እዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገለጸ፡ ኑቲ ብባህላውን ማሕበራውን ምኽንያታት ተተንኪፉ ዝጸንሐ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ብጸቢብ ፖለሲታት ነዊሕ ክወስድ ዝኽእል ዝነበረ ናይ ምምዕርራይ ኣገባብ፡ ብኸምዚ ዝኣመሰሉ ፖለሲታት ተደጊፉ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ ባይታ ለውጢ ከም ዘምጽእ ይገብር። ብዘወሳኺ፡ ኑተን በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ካብ ናይ ትምህርቲ ይኹን ናይ ስራሕ ዕድላት ዝሰኣና ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ደገፍ ብምግባር፡ ናብ ንቡር መስመር ከም ዝመጻ ይገብር። ከም ውጽኢት ናይዚ ፖለሲታት እዚ፡ ካብ ርሑቕ ገጠራት ወይ ዝተዋሰነ ቦታታት ኮይነን ኣብ ሕብረተሰብ ጸብለል ኢለን ንዘወጻ ደቂ ኣንስትዮ'ውን፡ ንኻልኦት ደቂ ኣንስትዮ ኣርኣያ ኣብ ምኳንን ንሓደሽ ወለዶ ድማ ዝዓበየ ድርኺት ኣብ ምፍጣርን ተራ ይጻወታ።

እዚ ፖለሲ እዚ ረብሓታቱ እዚ እናኾነ፡ ድኽመታት የብሉን ማለት ግን ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ብድሆ፡ ኣብ መንጎ ዓይነታውን ዓቕናውን ዕብየት ንምዕቃን ዘለዎ ሕጽረታት እዩ። እወታዊ ኣድልዎ፡ ኑቲ ክብጸሕ ተደልዩ ዘሎ ማሕበራዊ ምዕሩይነት ክዉን ንምግባር፡ ካብ ኣብ ብቕዓት ኣብ ኣሃዛዊ ምዕሩይነት ዝያዳ ናይ ምጽቃጥ ዝንባለ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዝጸንሐ ናይ ኣሃዝ ጋግ ብቐዳምነት ክጸብብ ኣለዎ። ስለዚ፡ እቲ ብቕዓት ኣብ መስርሕ ከም ዝድሉብን ከም ዝዕቀንን ብምግባር፡ ብቐዳምነት ኑቲ ዘሎ ትሑት ተሳታፍነት ክብ ንምባል ዝዓለመ እዩ። ኣብዚ መዳይ ክንጾ ቁጽሪ ዝኸይድ ናይ ብቕዓት መዐቀኒ ብመጠኑ ዝተሓተ ስለ ዝኾነ፡ ከም ኣሉታዊ ሸንኹ ዝርአ እዩ። ነዚ ሰዒቡ ዝመጽእ ብድሆ'ውን ኣሎ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ኑተን ውጽኢት ናይዚ ፖለሲ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ብኽእለትን ዓቕምን ዘይኮነ፡ ከም ውጽኢት ናይቲ ዝተገበረ ፍሉይ ሓለፋታት እዩ ካብ ዝብል መረዳእታ ዋላ ኑቲ ዘሎን ክዓቢ ዝኽእልን ብቕዓት'ውን ናይ ምንዓቕ ኣተሓሳስባታት ወይ ዝንባለታት የማዕብል እዩ። ብሓፈሻ፡ ፖለሲታት እወታዊ ኣድልዎ ንዝጸንሐ ጋግ ብምጽባብ፡ ማዕረ ናይ መጠኒ መስመር ንምምጻእ ዝዓለመ ክኸውን ከሎ፡ ዝዓበየ ድኻሙ ግን ኣብ መንጎ ብቕዓትን ማዕርነትን ዘሎ ሚዛን ከምቲ ዝድለ ሕሉው ዘይምዃኑ እዩ።

ከምዚኦም ዓይነት ፖለሲታት ንነዊሕ እዋን ወይ ንሓዋሩ ዝኸዱ ዓይነት ፖለሲታት ኣይኮኑን። ኑቲ ዘጠቓሎም ዕላማ ክዉን ኣብ ዝኾነሉ እዋን ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾኑ እዮም። እዞም ፖለሲታት ካብ ስራሕ ዘቋርጹሉ ቀንዲ ምኽንያታት፡ ሓደ እቲ ጾታዊ ጋግ ክጸብብ ከሎ እዩ። ናባና ዝቐረበ ኣብነት ምውሳድ ተመራጺ እዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገለጸ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርትና ቁጽሪ ናብ ኮለጅ ዝጽንበራ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክቡ ንምባል ዝወሰድ ዝበረ ስጉምትታት ርኢና ነይርና። ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ትምህርቲ ብፍላይ ድማ ኣብተን ትሑት ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ዝበረን ዓውድታት - ከም ምህንድስና፡ ስነ ፍልጠት፡ ቴክኖሎጂ - ዋላ እኳ ገና ስራሕ ዝደሊ እንተኾነ፡ ሕጂ ዘሎ ቁጽሪ ግን ናብ ደረጃ ምዕሩይነት በጺሑ እዩ። ኣብ ኮለጃትና ዳርጋ ኣብ ዝበዝሓ ዓውድታት 50% ካብ ተመሃሮና ደቂ ኣንስትዮ እየን። ስለዚ፡ ኣገዳስነት ናይቲ ዝበረ እወታዊ ኣድልዎታት ኣብዚ የብቅዕ ማለት እዩ። እቲ 1.8 ነጥቢ ዝዘምጽኣ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝግበር ዝበረ እወታዊ ኣድልዎ ድማ ኣብዚ እዋን ኣብ ስራሕ የለን።

ብዘወሳኺ፡ ኩሎም ዜጋታት ካብ ባህላውን ቁጠባውን ጸቕጥታት ወጺኦም፡ ኣብ ማዕረ ናይ ምምሃርን ምውድዳርን ዓቕሚ ኣብ ዝበጽሑሉ ግዜ፡ ሕብረተሰብ'ውን ንዝጸንሐ ዘይሚዛናዊ ኣተሓሳስባታት ብምእላይ ንዝበረ ባህላዊ ጽልዋታት ምስ ዘጥፍእ፡ እዚ ፖለሲታት እዚ ስርሑ የቋርጽ። ብሓፈሻ፡ ስጉምቲታት እወታዊ ኣድልዎ፡ ብቕዓት ከም እንኮ መምዘኒ ደኣ እምበር፡ ጾታ ወይ ዝተፈላለዩ ድሑር ታሪኻዊ ኣተሓሳስባታት ንዕድላት ሰበት ኣብ ዘይጸልወሉ ደረጃ ክሱብ ዝበጽሕ የገልግል ማለት እዩ።

ስለዚ፡ ፖለሲታት እወታዊ ኣድልዎ፡ ናብ ሓደ ዝተወሰነ መጠኒ መስመር ንምምጻእ ዘገልግል ኣገዳሲ ድልድል እኳ እንተኾነ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ግን፡ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ብጾታአን ዝረኽብኦ እወታዊ ኣድልዎታት ሓሊፈን፡ ብኽእለተንን ዓቕመንን ተወዳዲረን ዝዕወታሉ ባይታ ምፍጣር እዩ።

ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ፖለሲታት ብሓፈሻ ምርኩስ ወይ ሓገዝቲ ደኣ እምበር፡ ሕብረተሰብ ምሉእ ብምሉእ ክጽግዓሉም ዘለዎም ኣይኮኑን። ኑቲ ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ምጭባጥ ኩለንትናዊ ምዕሩይነት ዓሊሞም ዝሰርሑ ፖለሲታት ከም መቀላጠፍቲ ደኣ እምበር ከም ወሰንቲ'ውን ኣይኮኑን። ኣብ ትምህርቲ ካብ ዝተሓተ ደረጃታት ኣትሒዝካ ኣብ ዝግበር ወፍሪ፡ መረዳእታ ሕብረተሰብ ንምምዕባል ኣብ ዝግበር ጎስጓሳት፡ ብቕንዱ ድማ ዓቕሚ ሰብ ብዓይነትን ብብዝሒን ንምዕባይ ኣብ ዝግበር ጻዕርታት ዝምርኮስ ዓቢ ዕማም እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዞባ ማእከል - ማይ ተመናይን ዘራእቲን ጥሪትን ዓወት ኣመዝጊበን

### ሰንበት፡ ደንደን - ኣስመራ በራ፡ ቀይሕ ባሕሪ - ኣዱሊስ

ሊግ ዞባ ማእከል ብቐደማ ትማሊ ብኽልተ ጸወታ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ማይ ተመናይን ዘራእቲን ጥሪትን ተዓዊተን።

ቀዳመን ማይ ተመናይን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ተጻዊተን። ኣብ ዝሓለፈ ግጥማታ ተወዳዲራት ኮይና ዝቐጸት ማይ ተመናይ፡ ኣብዚ ግጥም'ውን ንኩባንያ ሰገን ሰዒራ ሰለስተ ነጥቢ ወሲዳ። ማይ ተመናይ፡ ካብ ሰራሕ ምስየና ክልተ ሽቶ ሓንቲ ከኣ፡ ካብ ዓልደን ኣብራሃም ብዘረኸበተን ሽቶታት እያ፡ ነታ ካብ ኬብሮን ሚኪኤልን ሳይሞን የውሃንስን ካብ ስዕረት ዘናገፉ ሽቶታት ዝረኸበት ኩባንያ ሰገን 3-ብ2 ስዒራታ። ሰራሕ ምስየና፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ። ማይ ተማናይ፡ ድሕሪዚ ዓወት ወላ'ኳ ነጥባ ናብ ሸሞንተ ክብ እንተኣበለቶ፡ ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ምውራዳ ግና ኣፍሊጣ እያ። ኩባንያ ሰገን 15 ነጥቢ ኣዋህሊላ ኣላ።

ግጥም ዘራእቲን ጥሪትን ምስ ኩባንያ ዕንጸይቲን ሓጺንን ሰምበል ሰዒቡ ተኻዪዱ። ሰምበል 16 ዘራእትን ጥሪትን 14 ነጥቢ ሒዘን ኣትየን። ካብዘን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ከይወርዳ ዝቃለሳ ዘለዋ ጋንታታት፡ ዘራእትን ጥሪትን ብመንገዲ ኣሮን ዑስማን ብዘመዝገበታ ሽቶ፡ ኣገዳሲ ናይ 1-ብ0 ዓወት ኣመዝጊበ። ነጥባ ድማ፡ ናብ 17 ክብ ኣቢላቶ። ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ካብ ዘራእትን ጥሪትን ሮቤል ዞሚከኤል ተረቝሑ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ መበል 15 ሰሙን ብዓበይቲ ጋንታታት ክቕጽል እዩ። ደንደን ምስ ኣስመራ በራ፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣዱሊስ።

ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ዝጻወታ ደንደንን ኣስመራ በራን ምስ ቀይሕ ባሕሪ ብማዕረ 30 ነጥቢ ኣብ ቅድሚት እትርከብ ደንደን ተዓቢታ መሪሕነት ንምሓዝ ክትቃለስ እያ። ኣስመራ በራ ድማ፡ ደረጃኣ ንምዕቃብ ኣብ እተኻይዶ ዘላ ስራሕ፡ ዓወት ኣዝዩ የገድሳ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ዙርያ፡ ደንደን 1-ብ0 ተዓዊታ ነይራ።

ቀጺለን ቀይሕ ባሕርን እታ ብ27 ነጥቢ ሳልሰይቲ ዘላ ኣዱሊስን ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ ክጋጥማ እየን። ቀይሕ ባሕሪ፡ ጸወታ ደንደን ተዓዚባ ትኣቱ፡ ብምኳና፡ ዝተረኽበ ወጽኢት ኣብ ግምት ኣእትያ እያ ክትጻወት። ንኣዱሊስ ከኣ፡ ምስ እትዕወት ነጥባ ምስ ቀይሕ ባሕሪ (ምናልባት ደንደን እንተተሳዒራ'ውን ብተመሳሳሊ) ክትመዓራረ ዝውሰን ግጥም እዩ።

ሊግ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 12 ሓምለ እዩ ክዛዘም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ፡ ሎሚ ቀዳም ካብ ሰዓት 1፡00 ድ.ቀ ብናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ክቕጽል እዩ። በዚ ድማ፡ ኣኽሪያን ጉዳይፍን ከምኡ'ውን ደንደንን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ክጋጠማ ምዃነን ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል . . .

ሰንበት 5 ሓምለ፡ ኩሎም ዲቪዥናት ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ዝሳተፍዎ ውድድር ክራይተርዩም፡ ኣብ ከባቢ ሲነማ ሮማ ክሳላል ምዃኑ፡ ፌደረሽን ናይቲ ዞባ ሓቢሩ።

ብዘይካዚ፡ ሎሚ ቀዳም ማውንቴን ባይክ ኣብ ጸጸራት ተመሳሳሊ ውድድር ተሰሪዑሎም ኣሎ።

## ጉየ፡ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ሰኔጋል ተኣልዩ

ፓፕ ጉየ፡ ካብ ሃገራዊት ጋንታኡ ሰኔጋል ከምዝተኣልየን ክሱብ'ቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ክፍሊ ተኽእካ ናይዛ ጋንታ ካብ ስርሑ ዘይተኣልየ ከምዝይምለስ ገሊጹ።

ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ሰኔጋል ዝኾነ እዚ ኣከፋፋሊ፡ ድሕሪቲ ረብዕ ምሸት ካብ 2-ብ0 መሪሕኦም፡ ብጠልጆዮም 3-ብ2 መሪር ስዕረት ምቕማሶም እዩ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ምእላዩ ተዛሪቡ።




“ብዙሕ ምእላይና/ ምምላስና ዝምልከት ገለ ቃላት ድሒረ ሒዘልኩም ክመጽእ እየ። ንሕጂ ግና ክሳብ ስታፍ ተኽእካ ኣብ ስራሕ ዝሃለወ ኣብ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ተኣልየ ኣለኹ።” ክበል ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣፍሊጡ።

ይኹን እምበር፡ እዚ ወዲ 27 ዓመት ተጻዋታይ ክሉብ ቪያሪያልን ንስታፍ ተኽእካን ናይዛ ጋንታን ኣብ ከምዚ ደረጃ ዘብጽሖም እንታይ ምዃኑ ኣይተፈልጠን። ምናልባት'ውን ሕርቃኑ ኣብ ልዕሊ ዓለማኦም ፓፕ ቲያው ዘተኩረ እንተኾይኑ፡ ምስ ግዜ ክርአ እዩ።

ጉየ፡ ኣብ ናይ ምድብ ግጥም ምስ ኢራቕ ተቐዪሩ ድሕሪ ምእታዉ፡ ክልተ ሽቶታት ብምምዝጋብ ጋንታኡ ብገፊሕ 5-ብ0 ክትዕወት መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ኣቡቲ ኣዛራቢ ዝነበረ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ሰኔጋል ንሞሮኮ 1-ብ0 ስዒራ ዋንጫ ኣብ ዘልዓለትሉ፡ ነታ ሽቶ ገየ ከም ዘመዝገባ ይዝከር።

## ኔግለስማን፡ መዝነቱ ሓዲጉ

### ክሎፕ፡ መዘነት ምዕላም ጀርመን ክቕበል . . .

ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ጀርመን - ጁሊያን ኔግለስማን፡ ካብ መዝነት ምዕላም ናይዛ ጋንታ ተኣልዩ።

ጀርመን፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ካብ ትጸቢት ወጻኢ







ብፓራጓይ ብፍጹም ቅላዕ ተሳዒራ፡ ካብ ዙር 32 ካብ ዋንጫ ዓለም 2026 ምእላያ ይዝከር።

ነዛ ጋንታ መሪሑ ካዊሕ ከሰልያ ዘይክኣለ ኔግለስማን ከኣ፡ ብቐደማ ትማሊ ሓሙሱ ስልጣኑ ከረክብ ሕቶ ምቕራቡ ይሕብር - ወላ'ኳ ኣቐዲሙ “ኣነ ካብ ሓላፍነት ዝሃድም ሰብ ኣይኮንኩን” ኢሉ እንተነበረ።

ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ጀርመን ከኣ፡ ሓሳቡ ተቐቢሉ ክሳብ 2028 ዝነበሮም ውዕል ኣቋሪጽዎ ኣሎ። እዚ ፌደረሽኑ ንናይ ቀደም ዓለሚ ሊቨርፑል - የርገን ክሎፕ ክቖጽሮ ይዘራረብ ምህላዉ'ውን ሓቢሩ። ብመሰረት ምንጩታት ከኣ፡ እዚ ምኩር ዓለሚ፡ ንሕቶ ናይቲ ፌደረሽን ተቐቢሉን ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ብወግዒ ክሕበርን እዩ።

በዚ ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ክረምቲ 2024 ካብ ሊቨርፑል ምፍናዉ ኣብ ዕረፍቲ ዝጸንሐ ክሎፕ፡ ካብ ናይ ክለባት ተመኩሮ ወጻኢ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ንሃገሩ ጀርመን ክዕልማ እዩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ዋንጫ ዓለም - ዙር 16

ካናዳ - ሞሮኮ 8፡00 ድ.ቀ

ፓራጓይ - ፈረንሳ 12፡00 ቅ.ቀ (ፍርቂ ለይቲ)

**ሰንበት**

ሊግ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል

ደንደን - ኣስመራ በራ 2፡00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኣዱሊስ 4፡00 ድ.ቀ

ዋንጫ ዓለም - ዙር 16

ብራዚል - ኖርወይ 11፡00 ድ.ቀ

መክሲኮ - እንግሊዝ 3፡00 ቅ.ቀ (ወጋሕታ)

## ቅንጥብጣብ

* ተኸላኻሊ ማን ሲቲ - ናታን ኣኬ ናብ ቱርካዊት ክሉብ ፌነርባቸ ክጽምበር እዩ።
* ሓላዊ ልዳት ማን ዩናይትድ - ኣንድረ ኦናና፡ ንሓዲሽ ወቕቲ ስፖርት 2026-27፡ ደገሙ ናብታ ብልቓሕ ክሰለፈላ ዝሓለየ ቱርካዊት ክሉብ ትራብዞንስፖርት ብልቓሕ ተመሊሱ።

እዚ ውዕል፡ ብቐዋሚ ናይ ምቕያር ኣማራጺ የብሉን።

## “ሮናልዶ፡ ናይ መወዳእታ ኣህጉራዊ ውድድሩ እዩ” ሓፍቱ

ሓላቓ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል - ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ናይ ኣህጉራዊ ግጥማት ጉዕዞኡ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ከምዝቋረጽ ካቲያ ዝስማ ሓፍቱ ተዛሪባ።

ካብ 2003 ጀሚሩ ንዓበይ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ዝሰለፈላ ዘሎ ሮናልዶ፡ ነዛ ጋንታ መሪሑ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ይጻወት ምህላዉ ይፍለጥ። ፖርቱጋል፡ ዓርቢ 2፡00 ቅ.ቀ (ወጋሕታ) ንክሮኤሽያ 2-ብ1 ስዒራ ናብ ዙር 16 ክትሓልፍ ሓንቲ ሽቶ ብምምዝጋብ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ እዚ ጉዳም ኣጥቃዓይ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ እዩ። በዚ ቀዳመይቲ ናይ ኣውዳዊ ምሕላፍ ሽቶኡ ከኣ፡ ዝዓበየ ተጻዋታይ ኣብ ናይ ኣውዳዊ ምሕላፍ ሽቶ ዘመዝገበ ኮይኑ - ወዲ 41 ዓመትን 147 መዓልታትን ብምንባሩ።

ሮናልዶ፡ ኣብ 2028 ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ንምስታፍ ሓሳብ ከምዘይብሉ እያ ሓፍቱ ትገልጽ። ንሱ “በቲ ዘለኒ ሓበሬታ፡ ክትፋነውዎ ትኽእሉ ኢኹም። ሕጂ ኣይበልኩኹምን - ኣብ ቀረባ ግዜ፣ ዋንጫ ዓለም ናይ መወዳእታ ኣህጉራዊ ውድድሩ እዩ።” ክትብል ካብ ሃገራዊት ጋንታኡ ክፋኖ ምዃኑ ገሊጻ።




እዚ እናኾነ ግና፡ ሮናልዶ፡ “ኣብዚ እዋን ብዛዕባ ጥሮታ ምዝራብ ግዜኡ ኣይኮነን። ድሕሪ ዓወት ደዩ ወላስ ስዕረት ክዘራረበሉ እየ፣ እኹል ግዜ'ውን ኣሎኒ። ምስ ስድራይ ተዘራሪበ ድማ ክውሰን እዩ።” ክበል ድሕሪ ጸወታ ተዛሪቡ እዩ።

ካብ 230 ኣህጉራዊ ግጥማት 146 ሽቶታት ኣመዝጊቡ ዘሎ ሮናልዶ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዋንጫ ዓለም ሳልሰይቲ ብሓፈሻ ከኣ መበል 11 ሽቶኡ ትማሊ ዘቖጸረ እዚ ድንቂ ተጻዋታይ፡ ኣብ ኩሉ ውድድር ብድምር 976 ሽቶታት ብምቑጻር፡ 1000 ሽቶታት ክበጽሕ 24 ሽቶታት ይተርፎ።

ፖርቱጋል፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ (መበል 113) ብክሮኤሽያ ሽቶ ተመዝጊቡዋ'ኳ እንተነበረ፡ ካብ ጸወታ ወጻኢ ተባሂላ ስለዝተሰረዘት ግና፡ ንኽላ ማዕረ 2-ብ2 ካብ ምዃንን ናብ 30 ተወሳኺ ደቒቕ ካብ ምቕጻልን ተገላጊላ እያ። ኣብ ዙር 16 ከኣ፡ ምስ ስጳኛ ከቢድ ግጥም ይጸበያ፣ ሰኑይ 6 ሓምለ ሰዓት 10፡00 ድ.ቀ እየን ክጻወታ።

እዚ ግጥም፡ ኣዚ ናይ መወዳእታኡ ዋንጫ ዓለም ዝጻወት ዘሎ ወዲ 41 ዓመት ኮኾብ ዓለም ሮናልዶን ኣቲ ንመጀመርያ ግዜ ኣብዚ ውድድር ዝሳተፍ ዘሎ ወዲ 19 ዓመት ትሰፋው ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ስጳኛዊ ላሚን ያማልን ዘራኽብ ብምዃኑ፡ ብኣጋኡ ልዑል ቆላሕታ ረኺቡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ “ሽቶ ክትሰርዝኮ ዶ ወይስ ተቐያሪ ክትከውን ዝያዳ ትሓርቕ” ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተትሉ፡ “ምስ ቀዳሞት 11 እንተዘይተሰሊፈ እየ ዝያዳ ዝሓርቕ” ክበል መሊሱ - ሮናልዶ።

## ሪያል ማድሪድ፡ “ንኢንዞ ናይ ምፍራም መደብ የብልናን” ኢላ

ዓባይ ስጳኛዊት ክሉብ ሪያል ማድሪድ፡ ንኣከፋፋሊ ቸልሲ ኢንዞ ፈርናንደዝ ናይ ምፍራም ሓሳብ ከምዘይብላ ሓቢራ።

ቸልሲ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ብዙሓዙሉ ደረጃ ኣብዚ ብሕጂ ዝጀመረ ሓዲሽ ወቕቲ ካብ ሱታፌ ሻምፕዮንስ ሊግ ድሕሪ ምብኳራ፡ ኢንዞ ክወጽእ ምዃኑን ናብ ሪያል ማድሪድ ናይ ምጽንባር ድሌት ከምዘለዎን ምንጩታት ሓቢርም ነይሮም።




እንተኾነ፡ ማድሪድ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ንኢንዞ ንምፍራም ዝኾነ ጻዕሪ ከምዘይገበረትን ዕላማ'ውን ከምዘይብላን ኣፍሊጣ። እንተላይ ቸልሲ፡ ካብ ሪያል ማድሪድ ሕቶ ምፍራም ኢንዞ ከምዘይቀረበላ ገሊጹ።

ኣብ ለካቲት 2023 ኣብ ግዜኡ ክብረ ወሰን መሰርሕ ምስጋገር ተጻውትቲ ዓባይ ብሪጣንያ ብዝነበረ ብ107 ሚልዮን ፓውንድ፡ ካብ በንፊካ ናብ ቸልሲ ሰጊሩ - እዚ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## እስራኤል፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም 13 ተወሰኽቲ ሰፈራታት ከም እትሃንጽ ኣፍሊጣ

ካብነ ጸጥታ እስራኤል፡ ኣብ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም፡ 13 ተወሰኽቲ ሰፈራታት ንምህናጽ ዝወጸአ መደብ ከም ዘጽደቐ ሓቢሩ።

ሰበ ስልጣን ፍልስጤም ብወገኖም፡ እቲ ኣብ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም ተወሰኽቲ ሰፈራታት ናይ ምህናጽ ስጉምቲ፡ ንምብራቕ እየሩሳሌም ካብ'ቶም ኣብ ከባቢኣ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ፍልስጤም ዝፈልያ ምኳኑ ገሊጾም።



ቀዳማይ መድረኽ ህንጻት ናይቲ ሰፈራታት፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ኣዋርሕ ክጅምር ትጽቢት ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር።

ርእሰ ምምሕዳር እየሩሳሌም ብወገኑ፡ እቲ ናይ ህንጻት መደብ፡ ሓደስቲ ሰፈራታት እስራኤል ኣብ ኑሓድሕዶም ንክራኸቡ፡ እስራኤል ኣብ ስትራተጂያዊ ዝበን ከርባታት ዘለዋ ቁጽጽር ንኸተሐይል፡ ከምኡ'ውን ግዝኣት ፍልስጤም ካብ ዘለዋ ንኸይቅጽል ዓሊሙ ዝተነደፈ ምኳኑ ኣረዲኡ።

ሰበ ስልጣን ፍልስጤም፡ እቲ ብእስራኤል ዝቐርድ ዘሎ ቀጻሊ ህንጻት ሰፈራታት፡ ንተኽእሎ ምቛም ብኽልተ መንግስትታት እትመሓደር ሃገረ ፍልስጤም የቕህም ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጾም፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዕሊ 700 ሽሕ እስራኤላውያን ኣብ ምዕራባዊ ገማግምን ምብራቕ እየሩሳሌምን ሰፊሮም ከም ዝርከቡ ሓቢሮም።

ማሕበረሰብ ዓለም፡ እቲ ብእስራኤል ኣብ መሬት ፍልስጤም ተሃኒጹ ዘሎ ሰፈራታት፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ከም ዘይሕጋዊ ከም ዝቖጽሮ እዩ ብተደጋጋሚ ክፍልጥ ጸኒሑ።

## ኢራን፡ ህዝባዊ ሓዘን ናይ መንፈሳዊ መራሒኣ ብወግዒ ጀሚሩ

ኢራን፡ ንመዓልታት ዝቕጽል ህዝባዊ ሓዘንን ስ ስርዓት ቀብርን ናይቲ ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ብልፍንታዊ መጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን ዝተቐትለ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ኣያቶላ ዓሊ ካመንኢ፡ ሎሚ ቀዳም ብወግዒ ከም ዝጀመረቶ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሰበ ስልጣን ኢራን ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ስ ስርዓት ቀብሪ ኣያቶላህ ዓሊ ካመንኢ፡ ካብ 4 ክሳብ 9 ሓምለ ዝቐጽል ኮይኑ፡ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ከተማ ማሽሃድ ብሓመድ ደብ ክዕቆ እዩ።



እቶም ሰበ ስልጣኑ ኣብቲ ንመዓልታት ዝቕጽል ስ ስርዓት ቀብሪ፡ ካብ 12 ክሳብ 20 ሚልዮን ዝግመት ህዝቢ ክሳተፍ ትጽቢት ከም ዘሎ ገሊጾም።

ኣብቲ ስ ስርዓት ቀብሪ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ናይ ብርክት ዝበሉ ሃገራት ክሳተፉ ምኳኖም እውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ኢራን፡ ሃገሩ ስ ስርዓት ቀብሪ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ኣብ እተካይደሉ እዋን፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊኣ ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ከይካይዱ ዝሓለፈ ሓሙስ ምጥንቃቑ ዝዝከር እዩ።

ኣያቶላህ ዓሊ ካመንኢ፡ ምስ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ስድራቤቱ፡ ኣብቲ ብ28 ለካቲት ኣመሪካ ምስ እስራኤል ብምዃን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘካየደቶ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ምቕታሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ቬንዙዌላ - ቁጽሪ ግዳያት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ክብ ኢሉ

ብ24 ሰ ኣብ ቬንዙዌላ ብዘጋጠመ ክልተ ተኸታተልቲ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ቁጽሪ ምውታት ናብ 2,595 ክብ ከም ዝበለ፡ ግዜያዊት ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ዴልሲ ሮድሪገዝ ሓቢራ።



እታ ግዜያዊት ፕረዚደንት ወሲኻ፡ ካልኦት ልዕሊ 12 ሽሕ ሰባት'ውን ከቢድን ፈኲስን መጉዳእቲ ኣጋጢምዎም ምህላው ኣዘራ።

ብመሰረት ቤት ጽሕፈት ህይወት ኣድሕን ናይታ ሃገር ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሶላ ሓያል ጻዕሪ ወለንተኛታትን ሰራሕተኛታቱን ቢቲ ፍርስራስ ከም ዝተጸቕጡ ካብ ዝተገመቱ ኣሽሓት ሰባት፡ እቶም 6,462 ብህይወት ድሒኖም ኣለዉ።

ብቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣከታቲሉ ዘጋጠመ 7.2ን 7.5ን ሬክተር ስኬል ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጣት፡ 189 ዓበይቲ ህንጻታት ምሉእ ብምሉእ ከም ዝዓነዉ ይሕበር።

## ኮንጎ - ቁጽሪ ግዳያት ኢቦላ ይውስኽ

ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ብኢቦላ ዝተለኽፉ ግዳያት ናብ 1,460 ክብ ክብል እንከሎ፡ ብዘሓ. ቢቲ ሕማም ተለኺፎም ዝሞቱ ሰባት ከኣ 447 ከም ዝበጽሐ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ኣድማዒ ክታበት ናይቲ 'ቡንዲብጎጆ' ብዝተባህለ ዓሌት ቫይረስ ዝሰዓብ ተላባዒ ሕማም ንምምዕባል፡ ኣብታ ሃገር ወግዓዊ ክሊኒካዊ ፈተነ ጀሚሩ ምህላዉ ገሊጾም።



ተጠቒዖም ዝበሩ ሰባት ከኣ ሓውዮም ናብ ቤቶም ተፋንዮም ደርከቡ።

ማእከል ምክልኻልን ቁጽጽርን ሕማማት ኣፍሪቃ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ብኢቦላ ዝስዕብ ዘሎ መጠንሞትን ለበዳን፡ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብታ ሃገር ዘጋጠመ ተመሳሳሊ ለበዳ ክወዳደር እንከሎ፡ ኣዝዩ ኣሰጋኢ እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ ኣጠንቂቑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ጎረቤት ሃገር ዘኾነት ዩጋንዳ ቁጽሪ ናይ'ቶም ብኢቦላ ዝተለኽፉ ግዳያት ክሳብ ሕጂ ኣብ 20 ደው ክብል እንከሎ፡ ካብዞኦቶም እቶም 16 ሰባት ሓውዮም ናብ ኣብይቶም ከም ዝተፋነዉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሚኒስተሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ቢቲ ሕማም ዝተለኽፉ 595 ሰባት ኣብ ትሕቲ ኣልያ ሕክምና ክርከቡ እንከለዉ፡ ካልኦት 213 ቢቲ ሕማም

## ፓኪስታን - ኣውቶቡስ ናብ ስንጭሮ ብምጽዳፉ 40 ተሳፈርቲ ሞይቶም

ትማሊ ዓርቢ፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ባሎቺስታን - ፓኪስታን፡ ሓንቲ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ ናብ ዓሚቝ ስንጭሮ ብምህታፉ፡ ካብ'ቶም ተሳፈርቲ ቁልዑን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም ብውሑዱ 40 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ሸሞንተ ሰባት ከኣ ፈኲስን ከቢድን መጉዳእቲ ከም ዝወረዶም ተሓቢሩ።

ፖሊስ ናይታ ክፍለ ሃገር፡ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ናብቲ እታ ኣውቶቡስ ዝጸደፈትሉ ስንጭሮ ንምብጻሕ፡ ልዕሊ ክልተ ሰዓት ከም ዝወሰደሎም ገሊጹ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ እቲ ሓደጋ፡ እታ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ ካብ ኩዌታ - ርእሰ ከተማ ባሎቺስታን ናብ ዞባ ፐሻወር ኣብ እትጉዓዘሉ ዝነበረት እዋን፡ መራሒኣ ኣብ መጥወዪ ቦታ ክበጽሕ እንከሎ ምቁጽጻራ ብምስኣኑ ዝሰዓበ ምኳኑ ኣሕቢሩ።

ፕረዚደንት ፓኪስታን ኣሲፍ ዛርዳሪ፡ ንስድራቤት ግዳያት ጸገዎት ይሃብኩም ድሕሪ ምባል፡ ቢቲ ሓደጋ ንዝተሃስዩ ወገናት ከኣ ቅልጡፍ ሕውየት ተመንዩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 04/07/2026 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services